# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.81 ሓሙስ 4 ታሕሳስ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣገዳስነት ልምዓታዊ...






ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፧






ገጽ 5
ወልፊ ሓሶት ይፍወስዶ





ገጽ 11
ፊፋ ስልጠና ላዕለዎት...




# ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ምስ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣብ ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ ምስ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣፋምቦ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ተጠቃምነት ህዝቢ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዘትዩ።

ኣብ ኩሉ ምምሕዳራዊ ጽፍሕታት ዘውሑብ ኣገልግሎታት ስሉጥን ጽፉፍን ንክኸውን፡ ብዕቱብ ክሰርሑ ከምዝግብኦም ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ኣስዒቡ፡ ተመሃሮ ድሌትን ተገዳስነትን ብምዕባይ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ተሳቲፎኦም ንኽረጋግጹ፡ ተራን ምትብባዕን መማህራን፡ ወለዲን መሻርኽትን ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ፍስሃየ ኪዳነ ብወገኑ፡ ብቑዕ መምህር ብቑዕ ተመሃራይ ስለዘፍርይ፡ መማህራን ሓላፍነታውያን ክኾኑ፣ ወለዲ ድማ ንደቆም ክከታተሉን ክተባብዑን ተማሕጺኑ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣቶ ዑስማን ዓብዱቃድርን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ንብረሂወት ተስፋይን ብግደኦም፡ ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ተጠቃምነት ዝተዋደደ ትካላት ንምብራኽ፡ ሰራሕተኛታት ተራኦም ክብ ከብሉ ጸዊዖም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ዓሊ ሓሎ፡ መሰረት ናይ ኩሉ ምዕባለ ትምህርቲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ትምህርቲ ንዘዋጠር ዘሎ ወፍሪ ህዝቢ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብቑንዱ ዕላማኡ ተገንዚቦም ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።





# ዓንሰባ - ንኣለይቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ስልጠና ተዋሂቡ

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምውህሃድ፡ ብ24ን 25ን ሕዳር ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሓልሓልን ኣስማጥን ንኣለይቲ ስንኩላን፡ ኣባላት ማሕበር፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን መሻርኽትን ስልጠና ወሃቡ።

እቲ ብክኢላታት ጥዕና ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሜላታት ምልላይ ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ፣ ኣተኣላልያ፡ ኣመጋግባን ክንክንን ጽሬትን ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝተብሩ ወገናት፣ ከምኡ'ውን ካልእ ተዛማዲ ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣደ-መንበር ማሕበር ወ/ሮ ኀሩት ሃብተ፡ ማሕበር - ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ ካብ ሕብረተሰብ ተገሊሎም ጾር ስድራቤትን ሃገርን ንኸይኮኑ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝተዋህበ ስልጠና ናቱ ኣካል ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣቶ ተኽስተ ዘርኣይ ብወገኑ፡ ሕብረተሰብ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ምውዳብ ኣብ ማሕበር ብግቡእ ተገንዚቡ ደቁ ክሰድድ ምኽኣሉ፡ መርኣያ እናበርከ ዝመጸ ደረጃ ንቕሓት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ብማሕበር ዝቐረብ ንጥፈታት ንምዕዋት ብውህደት ክሰርሕ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ መሓርና ተኽልኣብ ድማ፡ እቲ ስልጠና ንዘጸንሐ ኣረዳድኣን ኣተኣላልያን ስንኩላን ዘማእዝን ምዃኑ ብምሕበር፡ ሰልጠንቲ ብዝግባእ ክሰርሑሉን ነቲ ፍልጠት ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎን ተማሕጺኑ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ልዕሊ 1 ሽሕን 36 ኣብ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝተጠርነፉ ወገናት ኣለዉ።



# ሓጋዝ - ኣስታት 50 ሽሕ ጥሪት ተኸቲበን

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ምምሕዳራት ከባቢ ሓሸሻይ፡ ባዶብ፡ ፋና፡ ዓድ-ፋካይ፡ ኢዳምር፡ ዓዳለት፡ ሓርነት፡ ኣወንጀሊ፡ ኣሸራ፡ ግላስን እንጭናቓን፡ ካብ 24 ክሳብ 28 ሕዳር ወፍሪ ክታበት ጥሪት ተኻዩዱ።

ብመሰረት ሓበሬታ ቤት-ጽሕፈት ሃብቲ እንስሳ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ 18 ነቑጣታት ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ 35 ሽሕ ጤለ-በጊዕ ጸረ-ጉልሓይ ማሰል ሕማም፣ 12,400 ከብቲ ጸረ ሕማም ፍርማይ፣ ልዕሊ 600 ኣኽላባት ድማ ጸረ-ሕማም ዕቡድ ከልቢ ተኸቲበን።

እቲ ወፍሪ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሸበቓ፡ ዓድ-ዑመርን ዓድ-ኣረይን ዝመጽእ ሰሙናት ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ሱቡሞያ ሕርሻ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ክታበት - ጥዕና ጥሪት ብምውሓስ ድሕነት ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ምዃኑ ጠቒሶም፡ ዋናታትን ወሃንቲ ጥሪትን ንቕሓቶም ኣብ ክታበት ብምብራኽ ጥሪቶም ኣብ ዝተመደበ ግዜን ቦታን ከቕርቡ፣ ተርኣዮ ሕማም ምስ ዘጋጥሞም ድማ ተቐላጢፎም ሞያዊ ሓገዝ ክሓቱ ተላብዮም።

ወሃንቲ ጥሪት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ስለ'ቲ ብናጻ ዝወሃብ ክታበት ብምምስጋን፡ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ጥሪት ዝርአ ዝነበረ ሕማማት ከምዝነከየ ሓቢሮም።

ወፍሪ ክታበት ጥሪት፡ ኣብ መላእ ዞባ ዓንሰባ ይቕጽል ከምዘሎን ወጽኢታዊ ከምዝኾነን፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

# ርእይቶ

## ብመጽሓፍ “ያናን በስክዲራን” ተደቢስና፡ ሓዘንና’ውን ዓጺና!

ኢብራሂም ሓጅ
ሜልቦርን ኣውስትራልያ

ሎሚ! በዞ ታሪኻዊት መጽሓፍ፡ “ያናን በስክዲራ” ተደቢስናን ሓዘና ዓጺናን! ደራሲን ተመራማሪን ነጸረኣብ ኣዛዚ ኣብዛ ብልጽትን ብርቂን ዝኾነት ታሪኻዊት መጽሓፉ “ያናን በስክዲራን” ሰፊሕ ምርምርን መጽናዕትን ከም ዘካየደ ነታ መጽሓፍ ዘንበበ ብልዑልን ልባውን ኣድንቖት ከም ዘስተማቕራ ኣይጠራጠርን። እቲ ዘካየዶ መጽናዕቲ ኣዝዩ ደቂቕን ዓሚቝን ምዃኑ፡ እቲ ምስ 122 ሰባት ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ ዘረጋግጾ ህያው ጭብጢ እዩ። ኣነ ካብዛ ሓደት ተወዳዳሪት ዘርከበቶ፡ ታሪኻዊት ዝኾነት ሰናዲት መጽሓፍ “ያናን በስክዲራ”፡ ዘቐህለልኩዎ ሓፈሻዊ ጦብላሕታይ ገምጋም ክህብ ከለኹ፡ ምስዚ ብርቂ ዝኾነ ናይ ስነዳ ዕዮ ዝመጣጠን ተኽእሎ ከም ዘይውንን ኣቐዲመ እእምን።

ዕላማ ናይዛ ታሪኻዊት ብርቂ መጽሓፍ፡ ብክፍሊ ምርምርን ስነዳን ኣሕተምቲ ሕድሪ ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ተገሊጹ ኣሎ፦

“....ታሪኽ ግፍዕታት ኣብ ምስናድ፡ ዕላማና ጽልእን ቅርሕንትን ንምስሳይ ዘይኮነ ካብዚ ሕሱም ታሪኽዚ ኣድላዪ ትምህርቲ ብምውሳድ ኣብ መጻኢ ንኸይድገም ውሕስነት ዝኾነውን ታሪኻዊ ንቕሓት ምህናጽ እዩ። ታሪኽና ዘይምርሳዕን ምምዝጋብን ከኣ ነቲ ምስ ጎረባብትና ህዝብታት ክህልወና እንብህጎ ንብረ ሰላምን ምምልላእን እኹል ቀጻሊ ቃልሲ ማለት እዩ።”

ደራሲ ኣብዛ መጽሓፉ’ዚኣ ከም ሰናዲን ተመራማሪን ጥራይ ዘይኮነስ ከም ኣባል ስድራ ቤት ናይቶም ዝሃለቑን ወጻኢ መዓትን ኮይኑ እዩ ዝቐርብ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ምስቶም ስድራቤት ግዳያትን ወጻኢ መዓትን ሓቢሩ ክንብዕ ንዕዘቦ። ነብዪ እውን ከይፈተወ ምስኦም ሓቢሩ ክንብዕ ይግደድ። ብፍሉይ ኣስማት ግዳያት ኣቦይ ዑመር፡ ኣቦይ ኣረይ፡ ኣደይ ኣሙተ... ወዘተረፈ.. እናበለ ምዘንታዉ. ንኩሉ ከም ኣካልም ኮይኑ ይሰርሖ ምንባሩ ንዕዘቦ። ንውሽጣዊ ስምዒቱ ድማ በዘን ዝስዕባ ቃላት ክገልጾ ከሎ ንረኽቦ፦

“...ብዘዕባ’ቲ ኣብ በስክዲራ ዘጋጠመ ኣሰቃቒ ህልቂት እንኸሰምዑ ሓደ ካብ ናይ ካልእ ዝበኣሰ ስለዝኾነ ኣእምሮይ ብጭንቀት ይናወጽ። ብፍላይ ነቲ ምስ ግዳያትን ስድራ ቤት ግዳያትን ዘካየድኩዎ ቃለ መሕተት ደጊመ ክሰምዖ ከለኹ፡ ብዝሒ ውሽጠይ ተቓጺሉ ነበዐ ጥራይ ከይሰራሕኩ ተዓዚመ ዘሕለፍኩወን መዓልታት ውሑዳት ኣይኮናን...”

ግዳያት፡ ነዚ መጽሓፍ ክንጽፍ ምስናድ ኩነታቶም ንኽፈልጥ ዝሓተትት ሰብ ምርካቦም ከም ደበስ እዩም ዝቖጽሩዎ። በዚ ድማ’ዩ ገለ ካብኦም ንቃለ-መጠይቕ ዝቐረቡ ወጻኢ መዓትን መቕርብ ዝሃለቑን እዚ ናይ ስነዳ ዕዮ ዘሕደረሎም ውሽጣዊ ስምዒት ብኸምዚ ዝስዕብ ዝገልጽዎ፦

“...ሎሚ እንታይ እዩ ኺፍኩም ዝብል ብምርካብና ብሓቂ ተደቢስና፡ ሞትናን ሕሰምናን እንቋዕ ተደፊኑ ኣይተረፈ... ሎሚ ተፈዊስና..” ክኣ ይብሉ።

ንሕና’ውን ከም ነበብቲ በዚ ኣዝዩ ዓቢ ናይ ስነዳ ስራሕ “ተደቢስና፡ ሓዘንና ዓጺና” እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን።

እቲ ስራሕ ኣዝዩ በዓዚ ምንባሩ፡ ደራሲ ኣብ መስርሕ ስነዳ ሓብሬታ ናይ ምእካብ ብደሆታት ከምዘጋጠሞ በዚ ዝስዕብ ይገልጾ፦

“...ፍርቂ ዘመን ሓሊፉ፡ ናይ ኩሎም ወጻኢ መዓት ምስክርነት ክትረክብ ኣልካ ዘይሕሰብ’ዩ። ካብቲ ኣሰቃቒ ግፍዒ ብዕድል ዝደሓኑ፡ ሎሚ ዳርጋ ሙብዝሕትኦም ብህይወት የለዉን። እቶም ብህይወት ዘለዉ. እውን ከም ደቂ ዛግራ ፈቐዶኡ ተበታቲኖም፡ ንኽትረኽቦ ቀሊል ዘይኮነ ማሰናኽላት ተሓሊፉ...” ይብል እሞ ቀጺሉ “...ኣብ’ዚ መጽሓፍ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ሓደ ጸሓፊ ካብ ብዙሓት ኣዘንተውቲ ዝኣከቦ ሓበሬታ ብናይ ውልቁ ኩርናዕ perspective ክቐርቦ ዝፈተነ ጥራሕ ምዃኑ ምግንዛብ ከድሊ እዩ...” ይብል።

### ስነ ጽሑፋዊ ጽባቐ

ደራሲ ነቲ ናይ ስነዳ ዕዮ ብስነ-ፍልጠታውን ኣካዳሚያውን ኣገባብ ኣብ ርእሲ ምቕራቡ፡ ነቲ ኣብቲ መጽሓፍ ተጠቒምሉ ዘሎ ስነጥበባዊ ኣቀራርባ




(an undercurrent literary touch) ስነ-ጥበብ ንዘስተማቕር ኣንባቢ ከም ዝምስጥ ኣይጠራጠርን። ኺ ንኺ እቲ ኣሰቃቒ ዝኾነ ዛንታ፡ እቲ ውሕሉል ስነ-ጥበባዊ ኣቀራርባ፡ ንኣንባቢ እንተላገሶ፡ ካብቲ ዘሕዝን ፍጻመታት ግዝያዊ እፎይታ ወይ ምዝንጋዕ (distraction) ዕድል ፈጢሩ ከም እተዕርፍ ይገብር። ደራሲ፡ ኣንባቢ ናይቲ ዝሰዓበ ኣሰቃቒ ህልቂት ምሉእ ስእሊ ምእንቲ ክህልዎ፡ ከም ድሕሪ ባይታ ንወተሃደራዊ ስርሒት ቅትለት ሜጀር ጀነራል ተሾመ እርገቱ ብጽፉፍ ኣገባብ ብምቕራብ ዛንታኡ ይፍልም። ከም ሳዕቤን ናይ’ቲ ብተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተቐንጸለ ዓቢ ጀነራል፡ ዓበይቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ሃጸይ ሃይለስላሰ ከይተረፈ ኣእምሮኣዊ ጭንቀትን ፍርሕን ከም ዘሕደረሉ፡ ብዘደንቕ ጥበብ ተገሊጹ ኣሎ።

ሜጀር ጀነራል ተሾመ እርገቱ፡ ብ21 ሕዳር 1970 ብመኪና ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ኣብ ዝጎዓዘሉ ዝነበረ ብስወእ ጀግና ጉብረሂወት ጉብረስላሰ (ወዲ ሕምብርቲ) ብእትምራሕ ናይ ተሓኤ ሓይሊ (333) ተቐቲሉ። ሃጸይ ሃይለስላሰ ንቕትለት ጀነራል ብኸመይ ከም ዝሰመዐ ደራሲ በዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡ “ሜጀር ጀነራል ተሾመ ኣብ ዝተቐትለሉ እዋን ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ሃረር ወተሃደራዊ ኣካዳሚ፡ ኣብ ጽንብል መመረቕታ መኮንናት ተጸሚዱ ነበረ። ነቲ ናይ መርድእ መልእኽቲ ብሕሹኽታ ምስ ነገሩዎ፡ ካብ መቐመጠኡ ብድድ ኢሉ ንደገ ወጸ።... ሃጸይ ሃይለስላሴ ኣብ ከምዚ ናይ ክብሪ እንግዶት እናሃለወ ሕማቕ ዜና ክሰምዑ መጀመርታኡ ኣይኮነን። እቲ ኣብ 1960 ቡየም ክልተ ኣሕዋት (መንግስቱ ንዋይን ግርማሜ ንዋይን) ዝተፈተነ መፈንቅለ መንግስቲ፡ እቲ ንጉስ ነቲ ሕማቕ ዜና ኣብ ብራዚል እንከሎ እዩ




ብጥሪዝደንት ክብሸት ተነጊሩዎ” ብምባል ምስ ካልእ ታሪኻዊ ፍጻመ ኣተኣሳሲሩ ይገልጾ።

ድሕሪ’ዚ ደራሲ ናብ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ መጽሓፍ ብምእታው ከም ግብረ መልሲ ናይዚ ወተሃደራዊ ስርሒት’ዚ፡ ሃጸይ ሃይለስላሰን ኣዘዝቲ ሰራዊቱን ኣብ ልዕሊ ዓድታት ሰንሒት ዝፈጸምዎ ህልቂት ብዘሕዝን ቃላት ይትርኽ። ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፍ ከኣ በዞን ኣብቲ ህልቂት ዝለዓለ ዋጋ ዝኸፈላ ማንታ ዓድታት ‘ያናን በስክዲራን’ ተሰምዩ ንረኽቦ።

### ስነልቦናዊ መጉት

ደራሲ ንህልቂት ካብ ዘሰዓቦ ሓዘንን ጓህን ቀሩብ ፍንትት ኢሉ ከም ተዓዛቢ ነዚ ዝስዕብ ስነቦኣዊ መጉት ኣልዒሉ ንኣንባቢ ይዕድም፦

“...መቸም ነዚ ዝመሳል ዛንታ ሰሚዕኩ፡ ብዛዕባ ግዳያት ጥራይ ተዛሪብካ ምሕላፍ፡ ንምሉእነት ናይቲ ዛንታ የጉድሎ እዩ። ናይቶም ነዚ ኣሰቃቒ ህልቂት ዝፈጸሙ ቀተልቲ ስነልቦና ወይ ሃቀና’ኸ እንታይ ነይሩ? ኢልካ ክትሓስብ ግዲ ይኸውን። ኣብዚ “ቅተል” ተባሂሎም “ሰለምንታይ” ከይበሉ ትእዛዝ ከተግብሩ ግዴታ ናይ ዝነበሮም ተራ ወተሃደራት ኩነት-ኣእምሮ ኣይኮነን ዘገድሰ። ሃንደስትን ኣዘዝትን ናይቲ ህልቂት ከመይ ዝበለ ስነልቦና ነይሩዎም ኢልካ ምሕታት እዩ እቲ ኣገዳሲ...” ብምባል ይምጉት።

እታ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ ዘሰቅቕ ዛንታ ህልቂት ብዝርዝር ትገልጽ’ኳ እንተኾነት፡ ንእግረ መገድኻ ትረኽቦ ፍልጠት ውሑድ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ “በስክዲራ” ዝብል ቃል እንታይ ማለት ምዃኑ በስክ=ዒቃ፡ ዲራ = ዱማ.. ካብ ከበቢ እታ ዓዲ ዝርከብ ገና ኣሰሩ ዘይጠፍኣ ገረብ ዒቃን ዱማን ዝረዓመቶ ስም ምዃኑ ትፈልጥ። ብተመሳሳሊ ብዛዕባ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ያና “እቲ ያና ዝብል ቃል ብትግርኛን ትግራይትን ቀደም ዝተገድፈ ወይ ዝበደመ” ማለት ከም ዝኾነ ኣቡታ መጽሓፍ ተገሊጹ ኣሎ። ብእንግሊዝኛ ምናልባሽ ነቲ “forsaken/deserted” ዝብል ቃል ዝትካእ ቃል ክኸውን ዝኽእል ይመስለኒ። ቀጺሉ ቅድሚ ያና ምባል ሽማ “ሻካት” እዩ ነይሩ ይብል። ብተደጋጋሚ ወራራት ዓንያ ስማ ናብ ያና ከም ዝተቐየረ ድማ ይሕብር። ኣብቲ መጽሓፍ ተገሊጹ ከምዘሎ፡ “ያና ነዊሕ ድሕረ ባይታ ንጉዳዊ ንጥፈታት ዝነበራ እያ። ካብ ሳሕል ክሳብ ሰዋኪን ..ካብ ባርካ ክሳብ ሰናር፡ ካብ ባጽዕን ከበሳታት ኤርትራን ኢትዮጵያን...ንያና ረጊጹ ዝሓልፍ ዕሙር መስመር ንግዲ ነይሩዋ...” ይብል።

ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ናይ’ታ ኣብ ትሕቲ ሰዛራ ብጥንታውነት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትስራዕ ገዳም ማርያም፡ ኣብ ደብረሲና እያ ትርከብ። 474 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ድማ ተመስሪታ። ሓቂ ይሓይሽ ከምዚ ዘኹርዕ ዛንታ ዘለዎ ገዳም ከም እንውንን ጨሪሽ ኣይፈልጥን ነይረ። ብድርኺት መጽሓፍ ያናን በስክዲራን ድማ ነዚ ጥንታዊ ገዳም ንኸበጽሖ ተሃንጠየ ኣለኹ!

### ገለ ካብ ዘሕዝን ዛንታታት

ሓንቲ ካብቶም ወጻኢ መዓት በስክዲራ ዝኾነት መርየም ዘርኣም (ነጸረኣብ ‘ደማ መርየም’ ኢሉ እዩ ዝጽውዓ) ዘሕዝን ተዘክሮታታ በዚ ዝስዕብ ትጽውዮ፦

“ጊደ’ዩ ነይሩ፡ ንግሆ ምስቶም ካብ ኩሉ ዓድታት ዝመጹ ብሓባር ኣኪቦምና። ክልተ ኣዘዮም ነዋሕቲ ወተሃደራት መጺኦም፡ ‘ወንበዴታት ርኢኹምዶ?’ ኢሎም ሓቲቶምና። ‘ኣይረኣናን’ ኢልናዮም። ዳሕራይ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ተኣኪብና ወዓልና። ቆልዑ ብጽምኢ ምስ ግዱሩ...... ናይ ምሸት ምስ ኮነ ‘ኣራት ትመጽእ ኣላ’ ተባሂሉ ማስጊድ ኣተና። ‘ኣጣቕዑ’ ኢሎምና ኣጣቒዕና፡ ‘ዕልል’ በሉ’ውን ተባሂልና። ምስ ዓለልና ረሸሹምና!”

እቲ ብኣልማማ (indiscriminate) ዝተፈጸመ መርሸንቲ ክሳብ ክንደይ ዘሰክሕ ምዃኑ ደራሲ ጸቡቕ ገይሩ ገሊጹዎ ኣሎ። “ከም ዝፍለጥ ኣብ ውሽጢ ማስጊድ በስክዲራ ዝሃለቑ ካብ ኩሉ ክሊ ዕድመ እዮም ነይሮም። ኣብ ማህጸን ኣዴታቶም ዝነበሩ፡ መዓልታት ጥራይ ዝቖጸሩ ዕሸላት፡ ቆልዑ፡ ጎራዙት፡ ኣዋልድ፡ ኣቦታት፡ ኣደታት፡ ኣረጋውያን እዮም።” ብምባል ይገልጽ።

ብዛዕባ እታ ካብ ህልቂት በስክዲራ ብህይወት ወጺኣ ዕጫኣ ዝኸፍኣምናን ስንክልናን ዝኾነ መድሃን ሐመድ፡ ኩነታት ክገልጽ ከሎ ድማ “...መድሃን ድሕሪ ነዊሕ ክንክን ካብ ሆስፒታል ወጺኣ ምስ ደሊታ ዘዋጉድሉ ኣዝማዳ እያ ተጸጊዓ። ድሕሪ ወለዳ ጠምያ ኣይሓደረትን ዓሪቓ’ውን ጥራይ ዝኸደ ኣይተረኣየትን። እዚ ግን ብጨፍጫፍ ዝኸተምናን ስንክልናን ካብ ምልባኣብ ኣየድሓናን። ስንክልናን ዝኸተምናን ኣማእኪለንኣ እያ ዓብያ። ብፍቕሪ ወለዲ ኣይማመቐትን፡ ኣብ ቁልዕነታ ምስ መሰተኣ ክትዘልል ኣይተዓደለትን። ንእግራ ስንክልና ንውሽጢ ድማ ሕሰም ዝኸተምና መቐሓም ቀይደማ” እናበለ ንመከራኣ ይጽዊ።

ኣብ ትሕቲ እቲ “ህልቂት በስክዲራ ካብ ልሳን ግዳያት” ዝብል ኣርእስቲ ዝሑሉፈን ልቢ ዝትንክፉ ዛንታታት ቀጺርካ ዘይውዳእ ኣሰቃቒ ዛንታታት ትንበብ። ትስዕብ ዛንታ ድማ ካብታ ቀድመኣ ዝበረት ብዙያዳ ተንዝዮ።

**ይቕጽል . . .**

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጳ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጐስ

## ኣገዳስነት ልምዓታዊ ፖሊሲታት ንቑጠባዊ ዕብየት

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ስቑጠባ ካብ ዓበይትን ጸለውትን ዓውድታት ማሕበራዊ ስፍልጠት ምኻኑ ይጥቀስ። እዚ ዓውዲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣወዳድባ ሕብረተሰብ ዓለም ንዝተመዝገበ ቁጠባዊ ፍጻመታት ንምድህሳስን ምርዳእንውን ኣገልጊሉ'ዩ። ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣወዳድባ ሕብረተሰብ ዓለም ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት'ዩ ዝኽፈል። እቲ ምድባት ድማ ፍልሙ-ዴሳዊ፡ ጊልያዊ፡ መስፍናዊ፡ ርእሰማላዊ፡ ዴሳዊ፡ ድሕረዘመናዊ ወይ ድሕረኢንዱስትርያዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣቦ ዘመናዊ ስቑጠባ ተባሂሉ ዝጥቀስ ስኮትላንዳዊ ኣዳም ስሚዝ እዩ። እቱ፡ ኣብ 1776 ዘሕተሞ "ዳህሳስ፡ ንባህርን መንቀሊታትን ሃብቲ ሃገራት" (ኣን ኢንኳየሪ ኢንቱ ዘ ኔቸር ኤንድ ከውዝስ ኦፍ ወልዝ ኦፍ ኔሽንስ) ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ኣብ ዓውዲ ስቑጠባ ፈላሚት መጽሓፍ ምኻና ብዙሓት ይሰማምዑ። ዶክተር ኣዳም ስሚዝ፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ግላስጎው (ስኮትላንድ) ከም መምህር ሞራላዊ ፍልስፍና ኮይኑ ዝሰርሐ ዝነበረ'ዩ። እቱ፡ ድሕሪ "ሃብቲ ሃገራት" ዝብል ናይ ኣሕጽሮት ስያመ ዝተዋህበ ኣስታት ሓደ ሽሕ ገጽ ዝለዋ መጽሓፉ ድማ ኣብ ዘመናዊ ዓውዲ ስቑጠባ እታ ኣዝያ ኣገዳሲት መጽሓፍን ኣቦ ዘመናዊ ስቑጠባ ተባሂሉ ክጽዋዕ ዘኽኣሎዮን እያ።

ኣብዚ መጽሓፍ፡ ንርእሰማልነት ከም ስሓሳብ መሰረት ዝገበሩ ብዙሓት ኣምራት ክሕቆፉ በቒዖም እዮም። ድሕሪ 70 ዓመት ምሕታም ናይዛ መጽሓፍ ከኣ ርእሰማልነት መሪሕ ቁጠባዊ ስሓሳብ ብምኻን ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ክሰፍሕፍሕ ግዜ ኣይወሰደን። ዘመን ምንቅቓሕ ዝወለዶ ሓሳባት ማለት መሰል ወልቀሰብ እምነ ኩርናዕ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ስርዓት ናይ ሃገራት ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ኣዳም ስሚዝውን ጽልዋ ፈጢሩ'ዩ።

እቲ ኣብ ፈረንሳ ንዝነበረ መስፍናዊ ስርዓት ንምዕላው ኣብ 1789 ጀሚሩ ኣብ 1799 ዝተዛዘመ ሰውራ ፈረንሳ ድማ ከም ሞንተስኪዩ፡ ሩሶ፡ ቮልታይር ዝኣመሰሉ ፈላሰፋታት ዝገሰገሱሉም ዝነበሩ ማዕርነት፡ ሓርነት፡ ፍትሒ ዝብሉ ኣምራት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝዞቓ'ዩ። ምፍልላይ መንግስትን ሃይማኖትን ኣብ ፖለቲካ፡ ምድራት ስልጣን መስፍናዊ ስርዓታትን ምምስራት ንህዝቢ ዝውክል ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ስፍልጠታዊ ርትዓ፡ ወድዓውነትን ምኽባር መሰል ወልቀሰብን እዞም ፈላሰፋታት ካብ ዘጠቕስዎም ሓሳባት እዮም። በዚ ኣተሓሳስባታት ዝተጸልወ ኣዳም ስሚዝ ንርእሰማልነት ከም ቁጠባዊ ስሓሳብ ከኾስ እንክሎ ሓቀኛ ለውጢ ኣብ ሕብረተሰብ ንምምጻእ ወልቃዊ መሰል ዋንነት ንብረት ከምኡ'ውን ብሕታዊ ጽላት ኣገዳስቲ ነገራት ምኻኖም'ዩ ኣስፊሩ። እቲ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝጀመረ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ናብ ካልእ ክፍሊ ዓለም ብምልሓም ኣብ ጥርዚ ምስ ምብጽሑ ድማ ርእሰማልነት መተኣኻኺታ-ኣልቦ ቁጠባዊ ስሓሳብ'ዩ ዝብል ኣመለኻኽታ ዓብላሊ እናኾነ መጺኡ'ዩ።

ንኣዳም ስሚዝ ስዒቦም ዝመጹ ከም ዳቪድ ሪካርዶ፡ ፈረደሪክ ባዚስታት፡ ጆያን ባፕቲስት ሳይ፡ ፍሪደሪክ ቮን ሃየክ፡ ሚልቶን ፍሪድማን ዝኣመሰሉ ሊቃውንቲ ስቑጠባ ድማ ነቲ ርእሰማልነት እንኮ ሓዱድ ምዕባለ'ዩ ዝብል ኣጠማምታ ዘደርዕ ምሁራዊ ጽሑፋትን ስሓሳብን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሑ ዓቢ ተራ ምጽዋቶም ይግለጽ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝተጻሕፈ ብርክት ዝበለ ቁጠባዊ ጽሑፋት ድማ ነቲ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ፈረንሳ፡ በልጅዩም፡ ኔዘርላንድስን ካልኦትን ዝተረኽቦ ቁጠባዊ ገስጋስ፡ ርእሰማልነትን ናጻ ዕዳጋን ዝወለዶ ቁጠባዊ ገስጋስ ምኻኑ ንምርኣይ ብምህቃን ዝተዳለወ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ ኣብ ልምዓታዊ ገስጋስ ብርክት ዝበሉ ሃገራት ምዕራብ ዓቢ ተራ ንዝነበሮ ንጡፍ ልምዓታዊ ፖሊሲ ሃገራት ፈጺሞም ኣይጠቅስዎን። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እቲ ቅኑዕ ሞደል ቁጠባዊ ምዕባለ ብኻልኦት ሃገራት ከይፍለጥ'ሞ ነቲ መገዲ ቁጠባዊ ገስጋስ ካልኦት ሃገራት ከይመሓረሉን ከይደግምኦን እዩ።




ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝተኸተልኦ ንጡፍ ልምዓታዊ ፖሊሲታት፡ ብርክት ዝበለ ስትራተጂታት ዝሓቘፈ'ዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ተግባር ዝወዓለ ንጡፍ ልምዓታዊ ፖሊሲታት ድማ ጸወንታዊ (ፕሮተክሽኒዝም) ንግዳዊ ፖሊሲታት፡ ዕቱብ ቁጽጽር ኣብ ፋይናንሳዊ ጽላት፡ ህንጻት ወሰንቲ ትሕተ-ቅርጺ ብመንግስቲ፡ ወፍሪ ኣብ ስፍልጠታዊ ምርምር፡ ድጎማ ንሕርሻውን ኢንዱስትርያውን ፍርያት፡ ኣቕርቦት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ቀረጽ ኣልቦ እታው ንኣገደስቲ ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ዝተጠቕሰ ልምዓታዊ ፖሊሲታት ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ዓቢ ቁጠባዊ ገስጋስ ብዘመዝገባ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያውን ኣብ ትግባረ ዝወዓለ'ዩ።

ጃፓን ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ድሕሪ ዘጋጠማ ወተሃደራዊ ፍሽለት ኣብ ቁጠባዊ ዳግመ-ሕውየት ብምድሃብ ተኣምራታዊ ዝተባህለ ቁጠባዊ ዕብየት ዘመዝገበት ሃገር'ያ። ጃፓን ኣብ ፈለማ 1950ታት ካብ ዘጋጠማ ውድቀት ብምትንሳእ ዘመዝገበቶ ዕብየት ኣቓልቦ ብርክት ዝበሉ ምሁራት ክስሕብ ክኢሉ'ዩ። እቲ ብመራሕነት ቀዳማይ ሚኒስተር ኢክሁዳንን ሊበራላዊ ዲሞክራስያዊ ፓርትን ዝመዘገቦ ኢንዱስትሪያዊ ገስጋስ ድማ መርኣያ ናይቲ ዝተኸተለቶ ንጡፍ ልምዓታዊ ፖሊሲታት እዩ።

ንልምዓታዊ ገስጋስ ጃፓን ብዕቱብን ሰፊሕን ካብ ዝዳህሰሱ ሰባት ሓደ ኣመሪካዊ ምሁር ፖለቲካዊ ስፍልጠት ቻልመርስ ጆንሰን ይጥቀስ። ቻልመርስ ጆንሰን ኣብ 1982 ዘሕተሞ 'ሚኒስትሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትርን፡ ቁጠባዊ ተኣምር ጃፓንን' ዘርእስታ መጽሓፉ ንቅልጡፍ ቁጠባዊ ገስጋስ ጃፓን ካብ 1950ታት ክሳብ 1980ታት ዳህሲስዎ ይርከብ። ቻልመርስ ጆንሰን ነቲ ጃፓን ዝተጠቕመትሉ ፖሊሲታት "ልምዓታዊ መንግስቲ" ዝብል ስያመ ዝሃበ'ዩ። እዚ ስያመ መሰረት ብምግባር ድማ ካብቲ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ሃገራት ኤስያ ማለት ኣብ ደቡብ ኮርያ፡ ታይላንድ፡ ማሌዥያ፡ ሲንጋፖር፡ ቬትናምን ቻይናን ንዝተመዝገበ ማሕበረ-ቁጠባዊ ለውጥታት፡ ልምዓታውያን መንግስታት ዝፈጠርዎ ቁጠባዊ ገስጋስ ተባሂሉ ይጥቀስ። ምዕባይ ልምዓታዊ መንግስቲ ከም ስሓሳብ፡ ነቲ ምትእትታው መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ዘይሃናጽን ዓንቃፍን እዩ ዝብል ንሓያለ ዓመታት ቅቡል ዝተወሰደ ኣጠማምታ ኣብ ምልዋጥ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

ቻልመርስ ጆንሰን ኣብ መጽሓፉ ኣስፊሩዎ ዘሎ መሰረታዊ ሓሳብ፡ ሚኒስትሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትርን ጃፓን ኣብ ምምእዛን ቁጠባዊ ዕብየት ናይታ ሃገር ዓቢ ተራ ከምዝተጻወተ ዘመልክት'ዩ። ብዘይካዚ ተኸታተልቲ መንግስታት ጃፓን ካብ ሕልኽላኻት ማሕበርነትን ርእሰማልነትን ናጻ ብምኻን ኣብ ከውንነት ህዝባዊን ሃገራዊን ዝተሰረተ ልምዓታዊ ፖሊሲታት ምኽታሎም'ውን ይሕብር።

ምምዕባል ስሓሳብ ልምዓታዊ መንግስቲ ከም ቁጠባዊ ኣምር፡ ኣብ መንጎ ልምዓታዊ ፖሊሲታትን ቁጠባዊ ገስጋስን ዘሎ ምትእስሳር ንምርዳእ ዝሕግዝ'ዩ። ሃገራት ዘመዝገብኦ ቁጠባዊ ገስጋስ ንምርዳእ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታኦን ኣገዳሲ ምኻኑ'ውን ቻልመርስ ጆንሰን የመልክት። ከም ኣሊስ ኣምስደን፡ ዲ. ሮድሪክ፡ ፒተር ኢቫንስ፡ ሃ ጁን ቻንግ፡ ጆሴፍ ስቲግሊትዝ ዝኣመሰሉ ክኢላታት ቁጠባ'ውን ኣብ ምዕባለ እዚ ስሓሳብ ወሳኒ ተራ ካብ ዝተጻወቱ ምኻኖም ይግለጽ።

ኣሌክሳንደር ገርሸንክሮን ዝተባህለ ክኢላ ስቑጠባ 'ቁጠባዊ ድሕረት ብመንጽር ታሪኻዊ ርእየት' (ኢኮኖሚክ ባክዋርድነስ ኢን ሂስቶሪካል ፐርስፐክቲቭ) ኣብ ዘርእስታ መጽሓፉ ተቐያያሪ ዓለማዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓት ኣብ ምዕባለ ሃገራት ዓቢ ተራ ከምዘለዎ የመልክት። ክንዲ ዝኾነ ድማ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ምዕባለ ሃገራት ዓቢ ድርኺት ዘለዎ'ዩ። ኣኪማትሱ ካናሚ ዝተባህለ ጃፓናዊ ክኢላ ቁጠባ ኣብቲ ሞዴል ኣናፍራ ዓዑ (ጊዝ) ዝብል ስሓሳቡ፡ ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቕሰ ሓሳብ ገርሸንክሮን ዝሰማምዕሉ ይኹን እምበር ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገር፡ ናብ ሰደድ ዝጠሙተ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ኣገዳሲ ምኻኑ ይጠቅስ።

ኣብ ልምዓታዊ መንግስቲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ብርክት ዝበሉ ምሁራት፡ ኣብዚ ኣምር ዝጠቓለሉ ብርክት ዝበሉ ልምዓታዊ ፖሊሲታት ጠቒሶም ኣለዉ። ካብቲ ፖሊሲታት ብቐዳምነት ዝመጽእ ብመንግስቲ ዝምራሕ ማክሮ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ምኻኑ ድማ ይገልጹ። ከም ገንዘባዊ ፖሊሲ፡ ንግዳዊ ፖሊሲ፡ ፊስካላዊ ፖሊሲ ዝበሉ ዓበይቲ ኣዕኑድ ማክሮ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ብመንግስቲ ክምርሑ ከም ዘለዎም ከኣ ይጠቕሱ። ምህናጽ ብቑዕን ኣፍራይን ትካላት መንግስቲ፡ ወህደት ስራሕ ኣብ መንጎ ትካላት መንግስቲ፡ ሃናጺ ዝምድና ኣብ መንጎ ብሕታውን ህዝባውን ጽላት፡ ቁጽጽር ቀጥታዊ ግዳማዊ ወፍሪ፡ ጥቡቕ ዝምድና ኣብ መንጎ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን መንግስትን ድማ ከም ተወሰኽቲ ካብ ዝረኣዩ ፖሊሲታት እዮም። ብዘይካዚ ጠመተ ኣብ ማሽነሪን ሰደድን ምጥቃም ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ምኽታል ኣብ ዜግነት መሰረት ዝገበረ ፖለቲካ'ውን ወሰንቲ ምኻኖም ይግለጽ።

ንልምዓታዊ ፖሊሲታት ክቃወሙ ዝጸንሑ ኣካላት ድማ መንቀሲት ልምዓታዊ መንግስቲ ተባሂላ ኣብ ትግለጽ ጃፓን፡ ካብ 1990ታት ጀሚሩ ዘጋጠመ ቁጠባዊ ጸገማት ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ 1997 ዝተኸስተ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ሃገራት ኤስያ ጠንቂ ስሓሳብ ልምዓታዊ መንግስቲ'ዩ ብምባል ኣደም ክወጣወጡ ተራእዩ። ብሕልፊ ከኣ ድሕሪ 1991፡ ምስ ምስፍሕፋሕ ናጻ ዕዳጋ ኣብ መላእ ዓለም ልምዓታዊ ፖሊሲታት ከም ዘይኣድላይን ሃናጽን ስለ ዝተቐጽረ መንግስታት ዝተፈላለያ ሃገራት ካብ ምምእዛን ቁጠባ ሃገራቶም ኢዶም ክሕድጉ ተገዲዶም።

ኣብ 1989፡ ጃፓናዊ መበቆል ብዘለዎ ኣመሪካዊ ሊቕ ፍራንሲስ ፉኩያማ ንዝተጻሕፈት "መፈጸምታ ታሪኽ" (ዘ ኤንድ ኦፍ ሂስትሪ) ዝተሰምየት ጽሑፍ ከም መወከሲ ብምውሳድ ድማ ማሕበርነት፡ ማሕበራዊ ደሞክራሲ፡ ካይንሳዊ ቁጠባ፡ ልምዓታዊ መንግስቲ ዝብል ኣምራት ከም ዘኽተመ ተኣወጀ። ናጻ ዕዳጋ መተኣኻኺታ ዘይብሉ ስሓሳብ ምኻኑ፡ ሃገራት ድማ ንዕኡ ብምኽታል ጥራይ ቁጠባዊ ምዕባለ ከምዘረጋግጻ ዝገልጽ ብርክት ዝበለ መጻሕፍቲ ተሓቲሙ። ኣብ 1990፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ጆርጅ ዳብሊዩ ቡሽ ኣብ ዘሎማ መደረ፡ "ዓለም ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ትሰጋገር ኣላ" ምስ በለ፡ "እዚ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ብኣመሪካ ዝምራሕ፡ ናጻ ዕዳጋን ሊበራላዊ ደሞክራሲን ከም ኣዕኑድ ዘቕውምዎ" ምኻኑ ገሊጹ። እቲ ካብ 1980 ዝጀመረ ብስምምዕ ዋሺንግቶን ዝፍለጥ ኣተሓሳስባ ድማ ንጽላት ኣገልግሎት (ሰርቪስ) ቀዳምነት ብምሃብ መንግስታት ኣብ ምድራኽ ቁጠባዊ ዕብየት ዝነበሮም ንጡፍ ምትእትታው ብፍላይ ድማ ኣብ ማሰንዕ ክድርት ጀሚሩ። እንተኾነ እቲ ሓድሽ ዝተባህለ ዓለማዊ ስርዓት ነዊሕ ከይጸንሐ ክፈራረስ ብምጅማሩ ኣድላይነት ልምዓታዊ ፖሊሲታት ካብ ቀዳማይ ዕቑድ ናይ 21 ዘመን ኣትሒዙ ክሕደስ ጀሚሩ ይርከብ።

ሓደ ቁጠባዊ ስሓሳብ ኣገዳስነቱ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ክዓዝዝ ወይ ክዘሰስ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓደ መድረኽ ኣገዳስነቱ ስለ ዝዘሰሰ ግን ንኹሉ ግዜ ኣብቂዑ ማለት ኣይኮነን። ልምዓታዊ መንግስቲ ከም ኣምር ሓቚፍዎ ዝርከብ ናይ ልምዓት ፖሊሲታት ብመንግስቲ ዝምእከል ንጡፍ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ክህሉ ዘተኣብዮን ባይታ ዝፈጥርን እዩ። በዚ መሰረት፡ ዘይማዕበላ ሃገራት እዚ ፖሊሲታት ከም ኣድላይነቱ ብምትግባር ቁጠባዊ ገስጋስ ከመዝግባ ከምዝኽእላ ዘሞጉቱ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ።

**መወከሲ፡** Developmental States ብ Stefan Haggard
Big 3 in Economics ብ Mark Scousen

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡና |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበብ |
| 14:20 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንት |
| 15:30 | ፓናሮማ |
| 16:10 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊያሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰዓት- ኮም |

# ሓሳባት

## ሲራክ ክፍለ

መበል 70 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት፡ ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሰን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሀብ ምሕደራ ዓደ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ድማ፡ ከም ኣብኡት ካብ ዝተፈላለዩ ሕግታት እንኳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ዕምምት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ከምኡ'ውን መትከሉ፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ፡ ህንጸት ሃገርን ሃገርነትን ዝበሉ ኣምራት እውን ብምልዑ ተናኺፍና። መትከላት ፖለቲካዊ ስርዓትን ስርዓት ዋንነትን ኤርትራ ብመንጽር ጸሓፍ ክኢላ ስሉቁጠብ ፈረንሳዊ ቶማስ ፒከት ክንርእዮ ፈቲንና። ብዘወሳኺ ታሪኽ ኣመዓብሎ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሃገራት ምዕራብ ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

***

### ቅዋማዊ ስርዓት ሃገራት ምዕራብ ኣብ ተግባር

ደሞክራሲ ካብ ቅዋማዊ ስርዓት ነጺልካ ምርኣዩ ብዙሕ ትርጉም ዝህብ ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ቅዋም ምስ ልኡላውነት ህዝቢ ዝተሓሓዘን ንልኡላውነት ህዝቢ ዝገልጽን እዩ። ህዝቢ ግን ብእኩብ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ግብራዊ ኣይኮነን። በዚ ድማ ብዘዕአ ፍቓዱ ዝወከሎን ዘመሓድሮን መንግስቲ ይምዝዘ። ማስርሕ ወክልና ስልጣን ካብ ህዝቢ ናብ ኣመሓደርቲ ድማ እዩ - ደሞክራሲ። ስለዚ ቅዋም ኣብ መንጎ ህዙበን መራሕትን (መንግስቲ) ዝኣቶ ቃልኪዳን እዩ። መራሕቲ በቲ ቅዋም ዝሃቦም ስልጣን፡ ነቲ ዝመረጾም ክፋል ሕብረተሰብ ጥራይ ዘይኮነ ንረብሓ መላእ ህዝቢ ይሰርሑ። ናይ ግዜ ገደብ ምስ ኣኸለ ከኣ ምርጫ የካይዱ፡ እንተ ተሳዒሮም ብሰላም ስልጣን የረክቡ ወይ።

እዚ መግለጺ'ዚ ብክልሱሓሳብ ደረጃ እዩ። ኣብ ተግባር ግን ክሳብ ክንድኡ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ሃገር ቅዋምን ደሞክራሲን በቲ ክልሱሓሳባዊ መግለጺኡ ኣይሰርሕን እዩ። ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ብዙሕ ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎ፡ ምስ ንቕሓት ህዙበን ተመኲሮን ዝምዕበል እዩ። ናይ ኣማኢት ዓመታት ታሪኽ ቅዋማዊን ደሞክራሲያውን ስርዓት ዘለወን ሃገራት፡ ናብዚ ክልሱሓሳባዊ መግለጺ'ዚ ዝቐረበ ምዕባለ ከመዝግባ እንክለዋ፡ መብዝሕትኤን ሃገራት ከኣ ገና ኣብ ጉዕዞ እየን ዘለዋ።

ብዛዕባ ድኻምት ቅዋማዊ ስርዓትን ደሞክራሲን ሃገራት ኣፍሪቃ ብዙሕ ተጻሒፉ እዩ። ብዙሕ ዘይጽሓፈሉ ድኻምት ቅዋማዊ ስርዓትን ደሞክራሲን ሃገራት ምዕራብ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብቐሊሉ ዝገልጹ ገለ መጽሓፍቲ ኣይተሳእኑን። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ናይ ቶኒ ብራክስ "መፍትሒ ንደሞክራሲ" (Solving for Democracy: Tony Braccks 2017) ክንወከስ ኢና።

### ድኻምት ኣብ ተግባር

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፤

ድኻምት ደሞክራሲ ንምግላጽ ዊንስተን ቸርቸል፡ "ደሞክራሲ እቲ ኣዝዩ ዝኸፍአ ዓይነት መንግስቲ እዩ ደብሃሉ፡ ካብቲ ካልእ ዝተፈተነ ኣማራጺታት ግን ዝሓሸ እዩ።" ይብል።

ቸርቺል ኣየናይ ዓይነት ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምስ ኣየናይ ዓይነት ካልእ መንግስቲ የወዳድር ከምዝነበረ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ማስርሕ ደሞክራሲ ደዩ ወይስ ወጽኢት ደሞክራሲ ዝዛረብ ነይሩ ንጹር ኣይኮነን። ከም ዝፍለጥ ናይ ብሪጣንያ ቅዋምን ደሞክራሲን ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ፍልይ ዝበለ እዩ። ገለ ኣቤታት ከቕርብ፡




ኣብ ብሪጣንያ መንግስቲ ኣርባዕተ ኣካላት - ንጉሳዊ፡ ሓጋጊ (ክልተ ገዛ)፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ - ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ መብዛሕትኦን ደሞክራሲያውያን ሃገራት ሰለስተ ኣካላት ጥራይ እዩ። ናይ ብሪጣንያ ላዕለዋይ ሓጋጊ ኣካል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ርስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ዝበዝሐ ታሪኽ ብሪጣንያ ዓቢ ስልጣን ዝነበሮ እዩ። ድሕሪ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ዝበዝሐ ስልጣኑ ስለ ዝተመንጠለ ግን ክሳብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ብዙሕ ስልጣን ኣይነበሮን። ሎሚ ዳርጋ ኩሉ ስልጣን ሓጋጊ ኣካል ኣብ ታሕተዋይ ገዛ (ብህዝቢ ዝምረጹ) እዩ። ይኹን'ምበር፡ ላዕለዋይ ገዛ ዘይሰማምዓሉ ውሳኔ ክሳብ ዓመት ናይ ምድንጓይ ስልጣን ኣለዎ።

ኣብ መብዝሕትኦን ሃገራት ኣብ ፓርላማ ንምውድዳር ሕጹያት ኣብቲ ዝወዳደሩሉ ከባቢ ንገለ ወሰን ግዜ ክነብሩ ዝግደዱ ኮይኖም (ንስሙ ኣድራሻ ዝነብሩ ከምዝለዉ ይፍለጥ) ኣብ ብሪጣንያ ግን ግድን ኣይኮነን። ገለ ሰባት'ውን ኣብ ሓደ ከባቢ እንተ ዘይሰለጦም ኣብ ዝስዕብ ምርጫ ኣብ ካልእ ከባቢ ይወዳደሩ። ኣብ ብሪጣንያ ከም መብዝሕትኦን ሃገራት ኤውሮጳ፡ ሓላፊ እንተ ዘይኮይኑ፡ መብዝሕትኦም ተወዳደርቲ ብፖለቲካዊ ሰልፊ እዮም ከም ሕጹያት ዝቐርቡ። ናይዚ ሳዕቤን ከኣ ፖለቲካዊ ሰልፊ (ኣብ ተግባር ውሑዳት ሓለፍቲ ሰልፊ) መን ይምረጽ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎም ማለት እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ብተግባር ህዝቢ ሰልፊ እምበር ደስ ዝበሎም ሕጹያት ኣይኮነን ዝመርጽ። በዚ እዩ ከኣ፡ ገለ ሰድራቤታት ብቐጻሊ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኣባላት ፓርላማን መንግስቲን ዝኾኑ።

ብኣንጻሩ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሰልፊ ሕጹያት ናይ ምምራጽ ዘለዎ ስልጣን ወሱን ኮይኑ፡ ናይ ሰልፊ ሕጹያት ንምሕኻ'ውን ውሽጣዊ ውድድር (primary election) ይካየድ እዩ። ብዝተዋሃደ ሰብት ሕጹያት ንምሕኻን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝሓሸ ዕድል ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ይኹን'ምበር፡ ጸገሕና ከም እንርእዮ እዚ'ውን ድኻምት ኣለዎ።

ምዕራባውያን ክኢላታት፡ ንደሞክራሲ ካብ ካልእ ዓይነት መንግስቲ ዝሓሸ ዘብሎ፡ ህዝቢ ባዕሉ ኣብ ናጻን ርትዓውን ምርጫ ወከልቱ ስለ ዝመርጽ እዩ ይብሉ። ካብኡ ሓሊፎም፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ሕማቕ ናይ ማሕበርነታዊ ስርዓት፡ ንኣብነት ኣብ ቻይና፡ መን ንስልጣን ይሕጻን ይምረጽን ዝውስን እቲ ዱሳዊ ሰልፊ እዩ ይብሉ። ኣብ ላዕሊ ከም ዝረኣናዮ ግን ኣብ መብዝሕትኦን ሃገራት ኤውሮጳ ሕጹያት ብሰልፊ እዮም ዝምረጹ። ምናልባት እቲ ቀንዲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ቻይናን ሃገራት ኤውሮጳን፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብዙሓት ሰልፍታት ፍቑድ ኮይኑ፡ ኣብ ማሕበርታውያን ሃገራት ግን እንኮ ሰልፊ ጥራይ እያ ትፍቀድ። ብዛዕባ ብዙሓት ሰልፍታት ጸኒሕና ክንምለሶ ኢና። ፈለማ ግን ብዛዕባ ምርጫ ቁሩብ ክንደህስስ፡

ዊንስቶን ቸርቺል ብዛዕባ ድምጺ ኣመልኪቱ፡ "ዝበለጸ መጉተ ኣንጻር ደሞክራሲ ናይ ሓሙሽተ-ደቒቕ ምይይጥ ምስ ሓፈሻዊ ኣድማጺ እዩ።" ይብል።

ዊንስተን ቸርቺል ኣብ ብዙሕ ምርጫ ተወዳዲሩ ምስ ዓሰርተታት ኣሸሓት መረጽቲ ዝተዛረበ፡ መረጽቲ ንምንታይ ድምጾም ይህቡ ኣዐርዩ ዝፈልጥ፡ ናይ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ተመኲሮ ዘለዎ ምኩር ፖለቲከኛ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣድመጽቲ ኣብ በልጃም ብዛዕባ ደሞክራሲ ዘለዎም መረዳእታ፣ ባጀላ ደሞክራሲ ዝህባ ናይ ምዕራብ ግብረሰናይ ትካላት፣ ደሞክራሲ ብኸመይ ይዕቀና፣ ርኢና ነይርና። ቸርቺል ብዛዕባ ኣድመጽቲ ዝበሎ ሓፈሻዊ ኮይኑ፡ ምስ መግለጺ ኣድመጽቲ በልጃም ዝሰነ እዩ። ብኣንጻሩ እተን ባጀላ ደሞክራሲ ዝህባ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኣብ ምርጫን ድምጺን ዘለወን መረዳእታ ምስ ርእይቶ ቸርቺል ይድኹን ኣድመጽቲ በልጃም ዝሰነ እዩ። ድምጺ መረጽቲ ትርጉም የብሉን ንምባል ኣይኮነን። ድምጺ መረጽቲ ትርጉም ንኽህልዎ ግን ጻዕርን ዕቱብ ስራሕን ከም ዘድሊ ንምንጻር ጥራይ እዩ።

#### ቶኒ ብራክስ ንምርጫ ኣውስትራልያ ኣመልኪቱ ኣብ ገጽ 70 ናይ መጽሓፉ እዚ ዝስዕብ ክልተ ድሩትት ይጠቕስ፥ ዘይተገዳስነት መረጽቲ

"ፖለቲካዊ ዘይተገዳስነት ተድላ ወይ ጸጋ ናይቶም ኣሰጋኢ ኩነታት ዘይብሎም ዝበዝሐ ድልየቶም ዝተማልኣሉ ሃብታም ሕብረተሰብ እዩ። ድላይካ ኣብ እትረኽበሉ ኩነታት፡ ዘይተገዳስነት ርዱእን ትጽበዮን ምናልባት'ውን ርትዓዊ እዩ።" ኣሰዒቡ ከኣ፡ "ልዕሊ ቅጥዒ-ኣልቦነትን ምልክን ንዘይተገዳስነት ምቅዋም ዝያዳ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ ዘይተገዳስነት ብዘይጥርጥር ቅጥዒ-ኣልቦነት ወይ ምልኪ ስለ ዘስዕብ።"

እቲ ቀዳማይ ጥቕሲ ንሃገራት ምዕራብ ዝምልከት ይመስል። ይኹን'ምበር ፖለቲካዊ ዘይተገዳስነት ጸጋ ደዩ መርገም፡ ዳርጋ ንኹሉ ሕብረተሰብ ዝገልጽ እዩ። ኣብ ኩለን ሃገራት ሓፈሻዊ ዜጋ ኣብ ፖለቲካ ብዙሕ ኣይግደሰን እዩ። እቲ ካልኣይ ጥቕሲ ብልቦና ክንዝከሮ ዘለና እዩ። ናይ ምዕራብ ኣማኸርቲ ንኣፍሪቃውያን ኣብ ክንዲ ፖለቲካዊ ተገዳስነት ህዝቢ ክብ ብምባል ዘበምታዊ ለውጢ ኣምጽኡ ዝበሉዎም፡ ንምልኪ ተቓሊሱ ቅጽበታዊ ለውጢ ኣምጽኡን ኢሎም እዮም ዝምዕዱ። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ከም ዝተራእየ ድማ፡ ፖለቲካዊ ተገዳስነትን ንቕሓትን ኣብ ዘይብሉ ሕብረተሰብ፡ ንምልኪ ተቓለሱ ምባል ካልእ ምልኪ ወይ ዝኸፍአ ቅጥዒ-ኣልቦነት እዩ ዘስዕብ።

ቶኒ ዘቕርቦ ኣብነት ናይ ኣውስትራልያ ኣሎ።

### ጉዳይ 89 ደምጽታት

ኣብ ከተማ ሲድኒ፡ ቤኒሎንግ ኣብ ዝበሃል ንቑጣ ምርጫ እዩ። ዳቪድ ሊይንሀልም ዝበሃል ኣባል ሰልፊ ሓርነትን ደሞክራሲን (Liberty and Democracy Party: LDP) ኣብ 2007 ንምርጫ ተወዳዲሩ ካብ 90,000 ኣድመጽቲ 89 ደምጺ ጥራይ ረኺቡ ብገፊሕ ተሳዒሩ። ሰልፊ LDP ኣብቲ ናይ ንቑጣ ምርጫ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መላእ ናይቲ ዞባ ምርጫ 7772 ደምጺ ጥራይ ረኺቡ፡ እዚ ከኣ 0.19% ካብ ጠቕላላ ኣድመጽቲ ናይቲ ዞባ ኮይኑ፡ ትሕቲ 2 ደምጺ ካብ 1000 ኣድመጽቲ ማለት እዩ። ብሓጺሩ LDP ደገፍ ኣድመጽቲ ኣይነበራን።

ድሕሪ'ዚ ሰፊሕ ስዕረት ኣብ ውሽጢ ሓደት ኣዋርሕ ሰልፊ ሓርነትን ደሞክራሲን ስማ ናብ ለበራል ደሞክራሲያዊ ሰልፊ (Liberal Democratic Party) ክትቕይር ንቶምሽን ምርጫ ፍቓድ ሓቲታ። እታ ብዙሓት ደገፍቲ ዘለዋን ሓንቲ ካብተን ዓበይቲ ሰልፍታት ኣውስትራልያን ሰልፊ ለበራል (Liberal Party) ስም ምቕያር ንኣድመጽቲ ከደናግር እዩ ብምባል ተሪር ተቓውሞ ገይራ። ኮምሽን ምርጫ ግን ኣብቲ ተቓውሞ ሰልፊ ለበራል ኣይተገዝኣትን፡ "ህዙባት ንቑሕ እዩ ኣብ መንጎ ለበራል ደሞክራሲያዊ ሰልፍን (LDP) ለበራል ሰልፍን (LP) ዘሎ ፍልልይ ይርድኦ እዩ" ኢሉ። ብድሕሪ'ዚ ውሳኔ'ዚ፡ ህይወት ከም ቀደሙ ቀጺሉ። ክሳብ እቲ ሰዓብ ዝመጽእ ምርጫ፡ ኣብቲ ዝቐጸለ ምርጫ፡ እቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት 89 ደምጺ ዝረኸበ ዳቪድ ተዓዊቱ። LDP ከኣ ኣብ ናይ ዞባ ምርጫ 434,000 (9.5%) ደምጺ ረኺባ፡ ናይ 6100% ዕብየት እዩ። ጉዳዩ ተጸኒዑ ብዙሓት ኣድመጽቲ ብናይ ሸም ጌጋ ከም ዝመረጹ ተረጋጊጹ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ብልምዲ ደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝርዝር ኣስማት ሕጹያትን ሰልፍታትን ብዕጫ እዩ ዝዳለ። ግዜ'ኺ እዩ ዝነበረ ሰልፊ LDP ቀዳማይ ዕጫ ስለ ዝጸገሓ ኣስማት ሕጹያታ ኣብቲ ዝርዝር ኣብ ላዕሊ እዩ ነይሩ።

ኣብ ኣፍሪቃ ከምዚ ዓይነት ነገር እንተ ዝፍጸም፡ ንምንታይ ዝበል ሕቶ'ውን ኣይምተላዓለን። እቶም ናይ ምርጫ መሰርቲ ብቐንዱ ምዕራባውያን ምጥፍፋእ እዩ ምበሉ። ኣብ ሓንቲ ናይ ኣማኢት ዓመታት ተመኲሮ ምርጫ ዘለዋ ሃገር ግን መን ክደናገር እቲ ናይ ብሓቂ ጸገም፡ ማለት ድኻምት ደሞክራሲያዊ ምርጫ ተቓሊዑ። ቶኒ ብራክስ "እቲ ጸገም መረጽቲ ኣብ ግዜ ምድማጽ ውሑድ ግዜ ስለ ዘለዎም ጥራይ ኣይኮነን፡ ሕጹያትን ፖለሲታትን ክግምግሙ እውን እኹል ግዜ የብሎምን።" ይብል።

ሕጹያት፡ ፖለቲከኛታት፡ ኣክቲቪስት፡ ሰልፍታት ክሳብ ክንደይ ይግዕሩ ብዘየገድስ ሓፈሻዊ ዜጋ ንኹሉ ዝተባህለ ክሰምዕን ክመምን ግዜ ይኹን ዓቕሚ የብሉን። መረጽቲ ድሩት ግዜን ፖለቲካዊ ኣፍልጦን እዩ ዘለዎም ምባል መሪር እዩ። ግን ሓቂ እዩ። ሓፈሻዊ ዜጋ መዓልታዊ ምስ ኑብሱን ስድርኡን ዝተሓሓዘ ብድሆታት ኣለዎ። ኣብ ኩለን ሃገራት እቶም ብሓቂ ተገዲሶም ናይ ውሽጥን ግዳምን ፖለሲታትን ትግባረኡን ዝከታተሉ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም።

ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ኣብታ ናይ ልዕሊ 250 ዓመታት ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣለኒ እትብል ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ 50% ኣመሪካውያን ነፍሲ ወከፍ ስተይት ክልተ ኣባላት ሴኔት ከም ዘለዉዋ ኣይፈልጡን እዮም። 75% ከኣ ገደብ ግዜ ሴኔት ክንደይ ዓመታት እዩ እንዶ የብሎምን። ልዕሊ 50% ኣመሪካውያን ኣብ ኮንግረስ ወከሎም መን ምዃኑ ኣይፈልጡን እዮም። ከምኡ'ውን ልዕሊ 50% ኣመሪካውያን ኣብ ኮንግረስ ዝወከሎም ሰብ ኣባል ኣየናይ ሰልፊ ምዃኑ ኣይፈልጡን እዮም። ብሓጺሩ፡ ንቕሓትን ግዳሰን ህዝቢ እንተዘየሎ፡ ምርጫ ምክያድ፡ ድምጺ ምሃብ ትርጉም የብሉን።

ይቕጽል . . .

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ማዕበል ንእስነት

# ወልፊ ሓሶት ይፍወስዶ?

ኣዱሊስ ተስፋይ

ሓትኖይ ሳራ፡ መሓዙተይ ሒዘ ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ክመጽእ ስለ ዝዓደመት፡ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ናብ ገዛኣ በጺሕና። ካንሸሎ ከፊታ ናብ መቐበል ኣጋይሽ ክንኣቱ ሓቢራ ናብ ክሽተ ተኸተተት። ሓሙሽተ ደቒቕ ብዘይ ዘረባ ጸናሕና። ጽምዋ ዘቐንጽዓን ዓቕሊ ስቕታ ዘሰኣነትን ሚካል መሓዛይ፡ "ሓትኖኺ በጊዕ ድያ!" ሰሓቐት።

ፍሉይ ጠባይ ዝተዓደለት ሓትኖይ ሳራ፡ ትኽ ብትኽ ናይ ምዝራብን ባህሪ ዝተዓደለት እያ። 'ነገራት ብልክዕን ብመስመሩን ክኸይድ ኣለዎ፡' ዝብል እምነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ጭርሖ'ውን እያ ትደጋግሞ። ዝዓደመቶ ዘይኮነ ሃንደበት ዝመጽእ ጋሻ ክትቕበል እያ ትሸገር።

"እንታይ ክትገብር መጺእካ?" ዝብል ሕቶኣ ንብዙሓት ኣዝማድና ዘሰንበደ ጠባይ እዩ። ንሳ ግን ሕብእብእን ኣምሰሉነትን ኣይትፈቱን እያ።

"ጥዕና ሰብ፡ ብፕሮግራም ምንባር እዩ ዝፍጠር፡" ትብል። ዝተፈልየ ጠባያ ከም ፍጮ ስኒ ካብ ጎረባብታ ፈላልዩዋ። ድሕሪ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ ናይ ድቃስ ሰዓታ ካንሸሎኣ ዝኹሕኩሕ ሰብ፡ ፈጣሪ ዝጸልኣሉ ጋሻ እዩ ዝቐየር። ዘይሰገር ሰብ እንተ ኮይኑ'ውን ካብ ኣፍደገ፡ 'ኪድ ኣይትብሎ ከም ዝኸይድ ግበሮ' ብዝዓይነቱ ሜላ ትሰጎ። ካብኡ ንላዕሊ ግን ልዙብ ቋንቋ ኣይትጥቀምን እያ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ "ኣንትን ክንደይ ትሕሰዋ፡" ኢላ ንጎረቤት ክትምልሰለን ዝሰምዐት ሄለን መሓዛይ፡ "ማማ ሳራ፡ ካብ ሓሳዊት ምባል፡ ተጋጊኽንዶ ኣይሓይሽን፡" ኢላታ።



"እንታይ ማለት እዩ ተጋጊኺ? ሓሰያ እንድያ።"

"እቲ ቃላት ልዝብ እንተ በለ ይሓይሽ ኢለ እየ።"

"ኖእ ንሓሶት ሓሶት፡ ንሓቂ ሓቂ፡ ንቐኑዕ ቕኑዕ፡ ንጌጋ ጌጋ እዩ ዝብሃል እምበር...፡" ኣፍኩስ ኣቢላ ነቲ ጉዳይ ርኣየቶ።

"ማማ ሳራ፡ እቲ ሓቂ ንሱ እንድዩ መጽሓፍቲ ስነ ልቦና እንታይ ይመኽሩ...፡" ፌሩዝ ንምሽምጋልን ንምቕርራብን ኣፋ ከፈተት።

"እንታይ ይብሉ? ናይ መዝገበ ቃላት ለውጢ ገይሮም ድዮም?" እናመለሰት፡ እንተስ መለስለሲ ልሳን እንተስ መዕጸው ኣርእስቲ ቸኮላታ ዓደለትና።

ሓትኖይ ድርቕ ዝበለ ቃላት ገዲፍካ ግን ጥዑም ዕላል ኣሎዋ። ልዕሊ ኩሉ ሓሶት እያ ትጸልእ። ባዕላ ትምህዞ ዝመስል 'ዛንታ ሓሶት' ካባይ ሓሊፉ ንመሓዙተይ ክስሕበን ጀሚሩ። ፈታዊት ዋዛ ዝኾነት ሚካል መሓዛይ፡ "ንእግረ መገድናዶ ንትኣትለ፡" ዝብል ቃላት ኣይትፈልጥን እያ። እዚ ናይ ሎሚ ምብጻሕ ግን ዕድመ ሓትኖይ ሳራ እዩ።

"ሎሚ ምኽታዕ ኣየድልይን እዩ። ሎሚ ስለምንታይ ንሓሶትን ፈጠርቲ ሓሶትን ከም ትጸልእ ክንፈልጥ ኣሎና፡" ሄለን ቅድመ ምድላው ክንገብር መኸረትና። ገና ናይ ምኽሪ ዕላል ከይወዳእና ግን ሓትኖይ ሳራ፡ ካብ ገደናኣ ቀንጢባ ዝጸመቘቶ ከኩባያና ዘይትሁን ኣቐበለትና። ከም እንደገና ናብ ክሽነ ምስ ተመልሰት ሓድሕድ ተጠማመትና። ቅድሚ እቲ እዋን ብማይ ለሚን እያ ትቕበለና ነይራ።

"ሓሲበሉ እንድየ ብኣሞሀይ፡ 'ሓሶት ኣይትበሊ ተጋጊኺ በሊ' ዶ ኢልክኒ እዛ ጓለይ፡" ናብ ሄለን እናጠመተት ዕላል ከፈተት። ብርእሰ ተኣማንነት ስክፍታ ኣይነበረንን።

"እቲ ኣጠቓቕማ ቃላት እዩ። ቃላት ልቢ ይሰብሩ፡ ልቢ ይጽግኑ እዮም። ልዙብ ቃላት ኣብ ዝነድድ ስምዒት ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ዝኣክል ግደ ኣሎዎም። ምኽንያቱ፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሰባት "ሓሳዊ" እንተ ድኣ ኢልካዮ፡ ተዋርዶን ተሕስሮን ኢኻ። ኣብ ክብሩን ሰብእናኡን ዝፈጥረሉ ነብሰ ምትሓት ቀሊል ኣይኮነን። ተጋጊኻ እንተ ኢልካዮ ግን፡ እቲ ስምዒት ልዙብ ይብል። መብርሂ ወይ መረጋገጺ እዩ ዝሓትት። ንኣኻ'ውን ይኣመለካ። ካብ ዘየድሊ ኵራ፡ ቂምታን ጽልእን የድሕነካ።" ካብ መጽሓፍ እናርኣየ ብዓውታ ዘንብብ ሽምዳዲ ተመሃራይ ተር ከም ዓተር እናመለሰት፡ ነታ ካብ ኢዳ ዘይትፈልያ ኣይፓድ ከፊታ፡ ኣነቓቓሒት ዛንታ ገንጸለት።

"ጽቡቕ ኣለኺ እዛ ጓለይ ግን እዚ ቃላት 'ናይ ማይ ማዮ' እዩ ዝብሃል። ትብዓት ዘይብሎም ሰባት ዝጥቀምሉ መመሳመሲ እዩ። ጻዕዳን ጸሊምን ክትብል ዘይትኽእል እንተ ኴንካ ንሰብ ትሃስዮ ኢኻ። ብሕልፊ ንሓሳዊ፡ ንሰራቒ፡ ንመዋቕዒ...፡" ኩሉፈታ ሓትኖይ፡ ነታ ካብ ዝባና ዘይፈልያ ጆለብያ እናተዓራረየት።

"ቈርበት ተበላሽያ መኣስ ኣብ ምጥብሓ እዩ ዝበሃል። ቈልዓ ብርሕሱ ቈርበት ብንእሱ፡ ገረብ ብፈልሱ ብልክዕ መልክዕ እንተ ዘይሒዙ፡ ድሓር ኣኺሉዎ እዩ፡" ምስላ ይፈልጥ እየ ብዘሰምዕ ቃና መግለጺኣ ኣዛየደት ሓትኖይ ሳራ።

"ሓቂ እዩ። ዝምድና'ውን ወሳኒ እዩ። ግን እቲ ዝሓሸ ልዙብ ቃላት እዩ። ሕሩይ ቃል ምጥቃም ንኣፍካ ወለላ ንሰማዒ ከኣ መዓር እዩ፡" ፌሩዝ ንሄለን ደገፈታ።

"ግን ስለምንታይ 'ሓሳዊት' ኢልክናኣን?" ሚካል ናብቲ ቀንዲ ዛዕባ መለሰታ።

"ሓሳዊ ኣዳራሽ ገዛ መዕነዊ ድዩ ዝበለ ደራፋይ። እዛ ጎረቤተይ ሰማዒ እዝኒ እንተ ድኣ ረኺባ ዓዲ ምልእቲ እያ ተናዕብ። ወልፈኛ!" ብሓሶታ ዝኸተለቶ ዕንወት ኣብ ኣእምሮኣ ከም ዝተቐርጸ፡ ስና ነኺሳ ስቕ በለት።

"ሓሶትከ ይውለፍ ድዩ?" ሰማዒት ክቐየር ስለ ዘይደለኹን ንስቕታ ሓትኖይ ሳራ ክሰብርን ሓተትኩዋ። ከይመለሰትለይ፡ ናብ ክሽነ በጺሓ ባኮ ቸኮላታ ሒዛ ተመልሰት። ድሮ ጽማቕና ወዲእና ነበርና።

"ምግናን ናይ ዕላል ጥበብ የዘናግዓካ እምበር ብዙሕ ኣይጉድኣካን እዩ። ምስ ግዜ ግን ተኣማንነት የጉድል። ክብሪ'ውን ኣይህብን እዩ። ሓሶት ግን ሓሶት እዩ። ሓሶት ሰንሰለት ቃል ኪዳን እዩ ዘብትኽ። ሓዳር ይበታትን። ዕዳጋ ይሕምስ። ዝምድናታት የብርስ። ሰላም ቅሳነትን ርግኣትን የጥፍእ። ሓሶት እኮ፡ ካብ ሕልና ክሳብ ኣካል እዩ ዝቐትል። ሓሶት'ኮ እቲ ካብ ውልቀ ሰብ ክሳብ ሃገር እዩ ናብ ኩናት ዘእቱ። ዛንታ ፈላሲት ዑና ጉዶ ክበሃል ሰሚዕክንዶ?" ናብ ያታን ባህልን ናይ ምፍላጥ ዓቕምና ፈተሸትና።

ጽዋ ናይ ሓንቲ ናብ ክልተ ዓዲ ብምኻድ ዝብልኹም ዘለዉ እናበለት ዘጣፍኣት ሰበይቲ ምዃኑ መለሰትላ ሄለን። ሓትኖይ ሳራ ብሓበን ኣኽመስመሰት።

"እዛ ሰበይቲ ወልፈኛ ዝበልኩዋ ምኽንያት ከኣ፡ ወረ ተቐቢላ ከየራብሐት እንተ ድኣ ውዒላ ርእሳ እያ ትሓምም። ዓቕላ ተጽብብ። ትፈዝዝን ትድንዝዝን። ወልፊ ካብኡ ሓሊፉ እንታይዶ ይገብረካ እዩ። ወልፊ ሓሶት እቲ ዝዓበየ ሕማም'ውን እዩ። ወልፈኛታት ሓሶት ክህደሱን ክሕጸቡን ከቢድ እዩ። ግን ከምዛ ናተይ፡ "ኣይፋል ከምኡ ኣይኮነን፣ ሓሲኻ እዚ ጸዕዳ ሓሶት፡" ኢልካ ግትር ኢልካ ወልፎም ትሰብረሎም፡" በለትና ሓትኖይ፡ ዝመጽኡዋ ኣጋይሽ ከም ዘለዉ ብምሕባር እናፈነወትና።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ሕቶ 'ብቑዕ ምኻን'

ሱራፌል ተ.

ናይ ኮለጅ ናይ ቀዳማይ ዓመት ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ንዕረፍቲ ናብ ገዝኡ ክኸይድ ኣይደለየን። ኣብቲ ኮለጅ ድሕሪ መማህርቱ ተረፈ። ኩሎም ነናብ ቤቶም ካብ ዝኸዱ ካልኣይ መዓልቲ ሓለፈ። ናይ ቀዳማይ ዓመት ውጽኢቱ ምስ ተዋህበ፡ ነታ ዓመት ክሰግራ ብምኽኣሉ፡ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋስ ኣመስገነ። ጸኒሑ ግን ሓደ ነገር ዘከረ። ብምሕላፉ ኣብ ገጹ ዓሲሉ ዝነበረ ብርሃን፡ እናቐሃመ ከደ፣ ተደወነ ኸኣ። ስድራቤቱ፡ ብፍላይ እቲ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ስምን ዝናን ዘጥረየ ኣቦኡ፡ እቲ ውጽኢት ምስ ረኣየ እንታይ ከም ዝብሎ ኣብ ዓይነ-ሕልናኡ ቀረጾ።

'ከመይ ነበረ ትምህርቲ?'

'ድሓን'ዩ ኣቦ።'

'ድሓን እንተ ኢልካ ጽቡቕ ኣይነበረን ማለት'ዩ፣ ጂ.ፒ.ኤ. እስከ ኣርእየኒ፡' ክብሎ ክረኣዮን ትንፋስ ክሓጽሮን ሓደ ይኸውን ነበረ። እዝን ወዲ ኸምዝን እናሓሰበ ብጭንቀት ተበልዐ። እታ ልዕሊ ኣቦ እትቃጻዕን እትከታተልን ኣደኡ ብህይወት ክትህልወሉ ተመነየ፣ ንሳ እንተ ትህሉ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ናይ ዘይምምጽኡ ድርኺት ካልእ ትርጉም ኣይምሃለዎን። "ድሕሪኣሲ ዝከታተሎም ስኢኖም ዲኻ ከተብለኒ ደሊኻ፡" ክብል ድምጺ ኣቦኡ እናሻዕ ኣብ ኣእዛኑ የቃልሕ ነበረ። ነታ ዓመት ዘሰግሮ ነጥቢ ኣመዝጊቡ'ዩ፣ ግና ውሑስ ከም ዘይኮነ ጽቡቕ ገይሩ ንዝፈልጥ ወላዲ ከዐሽዎ'ውን ኣይክእልን። ኩሉ ተደማሚሩ ኸኣ ንስድራኡ፡ ኣውራ ኸኣ ንኣደኡ፡ ዝጠለመ፡ ዝሕነኸ፡ ዘንዓቐ ኰይኑ ተሰመዮ። ውሽጡ ተጐድአ። ኣብቲ ናይ ክራማት ዕረፍቲ፡ ከመይ ኢሉ ናብ ገዛኡ ከም ዝኸይድ ጨነቖ።



ዘይተረፈካ ጋሻ ኣጥቢቕካ ሰዓሞ ከም ዝብሃል፡ ጥኒኑ ገዝኡ ክኣቱ፡ ግብረ-መልሲ ኣቦኡ ሰሚዑ ኸኣ ካብ ገዛኡ ክሕክል እናሓሰበ ገዝኡ ኸደ። ከምቲ ዝገመቶ፡ ምስ ኣቦኡ ተራኸበ።

"ከመይ ነይሩ ትምህርቲ?"

"ድሓን'ዩ ኣቦ።"

"ድሓን'ዩ ካብ በልካ ደኣ...፡" ዘረባ ኣንጠልጢሉ ትም በለ ኣቦ። ወዲ ኣብ ብጫፍ መቐመጫኡ ኮፍ ኢሉ ነበረ። "ውጽኢትከ? ክንደይ ኮይኑልካ ጂ.ፒ.ኤ.?"

"2.24፡" ንሓደኣ ሰንደዋ። ኣቦ ንታሕቲ እናጠመተ ትም በለ። ንሱ ግን ድሮ ርሃጽ ብኽልተ መታልሒ ወረር የብል ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ስቕታ ኣዕሙቑ ኣስተንፈሰ ኣቦ። በለ ድማ፤

"ቀዳማይ ዓመት ካብዚ ዝበልጽ ውጽኢት ክህልወካ ጽቡቕ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዝተረፈ ዓመታት እንታይ ይገጥመካ ስለ ዘይትፈልጥ። ጂ.ፒ.ኤ. እንተ ነፋዕካ ብውሑድ ይውስኽ፡ እንተ ሓመቕካ እውን ብእኡ መጠን ይጐድል። እዚ ዝመጽእ ዓመታት ዝያዳ ክብድሃክ ምዃኑ ፍለጥ። ብዓንደ-ርእሱ ግን እቲ ካብዚ እትመሃሮ ነገር፡ ምሕላፍ ወይ ምትራፍ ኣይኩነን። ሕቶ 'ብቑዕ ምኻን' እዩ። ህይወትካ በዚ ሕጂ እትመሃሮ ክትነብራ ትኽእል ዘይክትነብራ'ውን ትኽእል፣ ጽባሕ ትሰርሓሉ ዓውደ-ሞያ ካብ ትምህርትኻ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ህይወት ብቕድሚኻ ትቐርበልካ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ግን ኩሉ ሳዕ ብቑዕ ንምዃን ትሰርሕን ትጽዕርን ሰብ እንተ ኴንካ ኣብ ዝኣተኻዮ ኣይክትወድቕን ኢኻ። ደጊም ከምቲ ካልኣይ ደረጃ ከለኻ ኣይኮንካን፣ ሎሚ ሰብኣይ ኢኻ። ብቑዕ ሰብኣይ ኴንካ ክትወጽእ ከኣ ናትካ ሓላፍነት እዩ። እቲ ካባይ ትደልዮ ኩሉ ክቐርበልካ እኽእል'የ፣ ብቑዕ ሰብ ክትከውን ግን ናትካ ጻዕርን ትግሃትን'ዩ ዘድልየካ። ኣጆኻ በርትዕ!" ኣብ ዝባኑ ጠብጠብዎ ከደ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣበባ ተሰፋይ ተድላ፡ ሓፍትና ሰናይት ተሰፋይ ተድላ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.32 ይቕረብ።

ቁዱሳን ተኽለ ገብረኣብ ምባል ተሪፋ፡ ቁዱሳን ተኽለ ክብርኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሳባ ዞሚካኤል፡ ስም ኣቦይ ዞሚከኤል የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃ ገብረየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ሰርጂዮ ቶኒ ኣንቶኞ፡ ኣቦይ ቶኒ ኣንቶኞ ደሃይ ካብ ዘይርከብ 70 ዓመት ስለ ዝገበረ፡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለ፣ ርእየዮ ወይ ብዛዕብኡ ሰሚዐ ዝብል እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስቴር ኣማኑኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓጎስ ልኡላይ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ቁ.39 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኒምሮድ ሳሙኤል ማሞ ምባል ተሪፉ፡ ሰናይ ሳሙኤል ማሞ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሪም ገብረመድህን ገብረሂወት፡ ኣደይ ገብርኤላ ጸጋይ ፍስሃየ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ።

ዛይድ የማነ ደብሳይ፡ ኣቦይ የማነ ደብሳይ ኣስገዶም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ያሬድ በርሀ፡ ተኸሳሲ ብስራት ሚከኤል፡ ንሲቪል ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ዳኒኤል ኣብርሃም ተስፋሰላሴ፡ ኣዴና ኣበባ ገብረመስቀል ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብ መንነ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ምስጉነት ስዩም ኣድሓኖምን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጀማል ኑርሑሴን መሓመድን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጀማል ኑርሑሴን መሓመድ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተጸዋዒት ወ/ሮ ኩብራ እምባዬ፡ ኣመልካቲት ለምለም እምባዬ፡ ናይ ወሀብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ምሕረት ተሰፋሚካኤል ገብረመድህን፡ ኣቦና ተሰፋሚካኤል ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ደመት ሃይለሚካኤል ጎይትኦም ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ስምረት ገብራይ ኣባይ፡ ብዓል ቤተይ የናስ ማትያስ ሓድጉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ኣፈወርቂ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቤሰሮም የናስ መንግስትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤሰሎም የናስ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ክፍለማርያም ገለ ደባስ፡ ሓወቦይ ተስፋሰላሴ ደባስ ዘርኢት ቅድሚ 70 ዓመት ስለዝዓረፈ፡ ዝኾነ ወላድ ወይ ድማ ሓዳር ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ 12 መወትቲ 5 ተተካእቲ ደቆም ምስ 15 ህሉዋት ሓወቦታተይን ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰበ ገብረየውሃንስ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ በልዎ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰሰተር ኣብርሃት ፍስሃየ ገብረመስቀል፡ ብዓል ቤተይ ኣርኣያ ተሰፋማርያም ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ግደይ ሓጎስ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ተሰፋዝጊ ኢትባረኽ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወረ/ፍ ኣብርሃም ተኽለማርያም ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃም፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ እዮብ ኣሕፈሮም ኣስገዶም፡ ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ምብራቕ ፍቓድ ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ጎይትኦም ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተኽኣ ኣብርሃ ሃይለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ሓድግምበስ ተሰማ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኤልሳ እስጢፋኖስ፡ ሓፍተይ ርሻና እስጢፋኖስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተጸዋዒ የናታን ወልደጋብር፡ ብኣመልካቲት ፈልማዊት ኣብራሃም ገብረሂወት ናይ ሞግዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ዘውዲ ዘርኣ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ገብረክርስቶስ ክንፉ ዞማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተከኤ ርእሶም ዘሞ፡ ኣደይ ኣረጋሽ ተኸስተ መረሳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ጌታቸው ጸጋይ ሃብቱ፡ ኣቦና ጸጋይ ሃብቱ ተከኤ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰለሙን ግደይ ሃይለሚካኤል፡ ኣቦሓጎይ ሃይለሚካኤል ወልደሚካኤልን ዓባየይ ጀመር ዑቕባሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ሓወቦታተይን ኣሞታተይን 4 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ደሃብ ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ እምኑ ሰረቖ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣሰፋሽ ሃይለ ወልደገርጊ፡ ብዓል ቤተይ ሓጎስ ገብረስላሴ ወልደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ፡10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሶፍያ የማነ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ገብረስላሴ መኮንን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተኽለም መንግስትኣብ ገብረክርስቶስ፡ ኣቦና መንግስትኣብ ገብረክርስቶስ ተኽለገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ቅድስቲ ወልደእየሱስ ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሳባ ወልደገርግሽ ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ሳባ ወልደገርግሽ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

እልልታ ፍስሃየ ዑቕበ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ፍስሃየ ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ቤትኤል መብራህቱ ተኽለይ፡ ስም ኣደይ ሰናይት ገብራይ ማስመር ምባል ተሪፉ፡ ሰናይት ገብረ ማስመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ናእሚ ተኽለም በርሀ፡ ኣደይ ግደይ ጎይትኦም ፍስሃየ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ት ናሂር በየነ ወልደየሱስ፡ ኣቦይ በየነ ወልደየሱስ ሃይለማርያም ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ ክቡር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሰበዋ ኮነ ኑዛዜ ከይገደፈ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ራሄል ነጋሽ ጉይትኦም ምባል ተሪፉ፡ ማሙቕ ነጋሽ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና ደሳለኝ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ብርሃ ደሳለኝ ትኳቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተክለብርሃን ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ዞማም ሃብተሚካኤል ዓንዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ምሕረት በርሀ ካሕሳይ፡ ወለደይ በርሀ ካሕሳይ ብሩን ጽጋይ ዘርኡ ቀሺ ተስፉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ 3 መወትቲ ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ በርኸት ሓድጉ ካሕሳይ፡ ኣደይ የሹ ወልዳይ ኣደኖም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ሚኪኤል ተክስተ ተስፋሚካኤል፡ ወለድና ተክስተ ተስፋሚካኤልን መዝሞዕ ገብራትን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሰያስ ሰዩም፡ ጓልና ሂወት ኣሰያስ ስለዝዋረፈት፡ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ርሻን ገብረእየሱስ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤፍሬም ሳሙኤል ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ፋኑኤል ሳሙኤል ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዚዝ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ዓብደላ ዓዚዝ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሃንሱ ዑቕበ ምሕጽንቱ ምባል ተረፉ፡ ሃንሱ ዑቕባይ ምሕጽንቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዜብ ዘሙይ ገብረዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሰምሃር ዞሚካኤል ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተብርህ ሳህለ ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣፍወርቂ ገብረእግዚኣብሄር ተስፉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሉተስላሴ ብርሃ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ዑቕበት ዓንደብርሃን ክፍለማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማ ገ/ስላሴ ክፍሉ፡ ኑፉ/ሄሪት ሉተንገስ ኪዳነ ግደይ ብለቦዎ ዝሾኢ ኣብ ደቀምሓረ ብስመን ዘሎ መሸጢ እንዳ ኮንን ምስ ጣኡ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ሳልሕ ዑስማን መሓመድ፡ ስም ኣቦይ ዑስማን መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድዑስማን መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ ኣኽበረት የማነ ማዕሩፍ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ሰለሞን ጸጋይ ዘርኡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋየውሃንስ ክፍሉም ነጋ፡ ጓለይ ፍርቱና ተስፋየውሃንስ ክፍሉም ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ብርጭቆ ኣብርሃ ሃልኪ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ ባሀርሸ ኣበ ማስየ፡ ብዓል ቤተይ መድሃኔ ፍስሃየ ወልደኪዳን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣረጋዊት መለስ ስብሃቱ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ገብረስላሴ ደስታ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ኪዳነ ገብረወልድ፡ ብዓል ቤተይ ገብረመድህን ገ/የሱስ መሻሻ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ደቅና ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሙብርሂት ገ/ዝጋብሄር ምባል ተረፉ፡ ወሓዚት ገ/ዝጋብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምለሰት ገ/ጻድቕ ማስየ፡ ኣደይ ሮማ ገብረስላሴ ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልያስ ቢንያም ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ሄኖክ ቢንያም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረእግዚኣብሄር መብራህቱ ዘውደ ምባል ተረፉ፡ ገብረእግዚኣብሄር መብራህቶም ዘውደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽሰኪ ጋይም በራኺ ተሰፉ፡ ከሳሲት ብዓልቲ ቤትካ ኣብርሀት ምላሽ ገብረስላሴ፡ ንዓኻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መብርሂት የማነ ነጋሽ ምባል ተረፉ፡ ኤለም የማነ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መለስ ፍትዊ ገብረሃንስ፡ ስም ኣደይ ዳዊት ደመወዝ ገብረማስቀል ምባል ተረፉ፡ ኣስገደሽ ገ/ሚካኤል ገብሩይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገ ገ/ስላሴ ካሕሱ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኪዳን ንጉሰ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ደቅና ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ መሓመድ ኢብራሂም እድሪስ፡ ስም ኣደይ ኣምና ዑመር መሓመድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ኣምና መሓመድ ዑመር ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዛህራ ኣሕመድ ሓሰን ሑመድ ምባል ተረፉ፡ ዛህራ ኣሕመድ ማሕሙድ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑቢያት ጠዓመ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ሸሻይ ባህታ ገብረ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሙተ ንጉሰ መረሳ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ምሕረቱ ሃብተ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድ ዑስማን ዓሊክራር ምባል ተረፉ፡ መሓመድዑስማን ዓሊክራር ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ግደይ ተኽሊት ግኾት ምባል ተረፉ፡ ግደይ ተኽሊት ገኾት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ምቀት መሻሾ ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ ቴድሮስ መሻሾ ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቤል መድሃኔ ምባል ተረፉ፡ ኣቤል ዓደለ ሃይለ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ምስግና ሮኽረጸዮን በየነ፡ ወደይ ኣቤል ምስግና ሮኽረጸዮን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ኣዲኡ ወ/ሮ ሰናይት በርሀ ገብረስላሴ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ኣዳሽ ሃብተ ክፍላይ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043546 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ፈንጋጋ ቁ.ገዛ 22 ዝርከብ ናይ ብሽክሌታ መዓረይን መሸጥን (ቺክለሲታ) ትካለይ፡ ንኣቶ ጸጋይ ተስፋገርግሽ ኣብይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና 582-46 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/10/2025 ክሳብ ዕለት 30/09/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣዳሽ ሃብተ ክፍላይ




ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ቢንያም ሃደለ እምባዬ፡ ኣቦይ ሃደለ እምባዬ ረዳ ስለዝዀረፊ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋጽለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሳልሕ ዓማር ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ ዕማሮ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ያዲኣል ደሳለ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ያዲኤል ደሱ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣፍራሕ ኢብራሂም ዐመር ምባል ተረፉ፡ ሊድያ ኢብራሂም ዐመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰላማዊት ኣብርሃ ሰገድ፡ ኢንጅ ኣብርሃም ሰገድ ዘርእዝጊ ስለዝዀረፊ፡ ኣነ ምስ ሓደ ወደይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ጸጋይ ጊላሚካኤል፡ ኣደይ ዛይድ ምትዮስ ኢማን ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጽገረዳ ሃብተማርያም ስብሃቱ፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ብርሃ ተስፉ ስለዝዀረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ገነት ወልደሰላሴ የሲዲቅ፡ ብዓል ቤተይ ገብረስላሴ ገብረኪዳን ሙብራህቱ ስለዝዀረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳባ ሰለሙን ሓትነይ ህድኣት ፍስሃጽዮን ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን ሓፍታ ንመዋቲትን ሰወእ ሓዋ ንመዋቲትን ምስ ተተካኢቱ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጸጋይ ፍስሃጽዮን በርሀ ምባል ተረፉ፡ ጸጋይ ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መንግስታኣብ ወልደሩፋኤል ተፈራ ወለደይ ቀሺ ወልደሩፋኤል ተፈረ ሽፋረን ወ/ሮ ክብራ ወልደማርያም ክፍሉን ስለዝዀረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ሃብቶም መንገሻ፡ ጓልና ወ/ት መርሃዊት ገብረእግዚኣብሄር ሃብቶም መንገሻ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ ኣዲኣ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርሃ ሃብተ ነጋሽ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ንግስቲ የማነ ወልደገብርኤል ስለዝዀረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ንግስቲ በርሀ፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ትርሓስ ተስፋዝጊ ብሩ ምባል ተረፉ፡ ርሕስቲ ተስፋዝጊ ብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግምጃ ስልጣን ገብረኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ሓለቓ 100 ነጋሽ ተስፋይ ሓጎስ ስለዝዀረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰዊት ሃብተ ነጋሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በርሀ በይን ተመልሶ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት ትርሓስ ተወልዱ፡ ተኸሳሲ መንግስትኣብ ካሳ ነጋሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ጀማል ኢብራሂም ዓሊ፡ ስም ኣደይ ሰቲ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሰዒዳ ዐመር ናስር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢንጅ ኣብያን ፍስሃየ ወልደየውሃንስ፡ ወለደይ መም/ ፍስሃየ ወልደየውሃንስን ኤልሳ ሃይለ ተስፋማርያምን ስለዝዀረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ መድህን ሰለሙን ኣረይ፡ ኣቦና ሰለሙን ኣረይ ገብራይ ስለዝዀረፊ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

መሓመድ ኣሸማዳ ሐመድ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ዐመር ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣንገሶም ገብረየሃንስ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣብርሄት ሸገሩ ባራኽኤል ስለዝዀረፈት፡ ንኣቦና ናይ መጻምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋኣለም እዮብ ሃብተማርያም፡ ስም ኣደይ ሰንበቱ ግርማጼን ተስፋዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሃጻ ወልደማርያም ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሓረጉ ታደሰ ገብረማርያም፡ ኣደይ ጽገረዳ ሃብተስላሴ ስብሃቱ ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሓሚዳ ኣሕመድ ሓንፋድ ምባል ተረፉ፡ ሓሚዳ ሓንፋድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ናይ ተመሃሮ ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) ዝወሰዱ ኮማርት ስለ ዝመደበ፡ ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ዝኺ ዝሰዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ኮማረቱ ይዕድም፡፡

1. ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን፡ ናይ 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ካብ ኣታዊ ወኸጢ ሃገርን ወረቐት መንነትን ቅዳሕን፡፡
2. ብቑዓት ተማሪትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ይኽፈት፡፡ (ጨረታ ዝኽፈተሉ ግዜ ናይ ስራሕ መዓልታት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 10 መዓልታት ዘሎ መዓልቲ ይኽፈት) ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተማሪትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ Conference Room ቁ.109 ሰዓት 10:00 ቅ፡ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
4. መኽበሪ ጨረታ 15,000 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ cpo የትሕዙ፡፡
5. ንዝርዝር መግለጺን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮለጅ ሕክምናን ስነ -ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ክፍሊ ዕደጊ ምውካስ ይከኣል፡፡ መወከሲ ቁ.ቴለፎን 163834/163467
6. ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ሕክምናን ስነ -ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ወሽጢ ኮለጅ ዝርከብ እንዳ ሻሂ ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣገልግሎት ዝውዕል ኣማራጺ ከርዮ ስለ ዝደለየ፡ ምስኡ ቀሪቡ ዘሎ ጨረታ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ተማሪትቲ ይዕድም፡፡ ተማሪትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

1.ተማሪትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ቅዳሕ መንነትን ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ናይ 2024 ዓ.ም ዝኸፈሉሉ ሰነድ የቕርቡ፡፡
2.ተማሪትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ተማሪትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ክፍሊ ዕደጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ይኽፈት፡፡ (ጨረታ ዝኽፈተሉ ግዜ ናይ ስራሕ መዓልታት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 10 መዓልታት ዘሎ መዓልቲ ይኽፈት) ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተማሪትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ Conference Room ቁ.109 ሰዓት 10:00 ቅ፡ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
5. መኽበሪ ጨረታ 25,000 (ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ) cpo የትሕዙ፡፡
6. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ
ኣስመራ ኤርትራ
ቁ.163834

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ዘርኣኹምና ሕያውነትን ጭውነትን፡ ደቢሱና እዩ” ስድራቤት መዋቲ

ጌጋ መናብርቲ ደቂሰብ'ዩ። ኣብ ዕለታዊ ሂወትና ክንጋገን ክንብድልን ድማ ንብር'ዩ፡ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መንገና ፍቕርን ምሕረትን ክህልወና ንግደደ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ኣለዉ። እዞም ክብርታት ናብ ወለዶ ንምስግጋርዎም ከኣ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ይኸውን። ሓደ ካብዞም ንጽባቐ ሕብረተሰብና ኣጉሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንገት ኣብ ዚጋጥም ሞት ዝገብር ኣገዛብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። ቀጺልና እንምብኦ፡ ኑዩም ዚ ሪዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶምን ስለዝኾነ ቀጺልና ንምልከዎ፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድኣእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ከሰናብልኩም።

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ ኣስመራ - ምም/ን/ዞ/ቲራቮሎ ከባቢ ጎደና ዋርሳይ'ዩ ብዕለት 20 ኑሓሰ 2025 ከባቢ ሰዓት 6፡00 ድ.ቐ ኣጋጢሙ። መራሒ መኪና ዝነበረ ኣቶ ሰመረኣብ ነጸርኣብ መብራህቱ፡ ብዘይተጠንቀቐ ይጉዓዝ ንዝነበረ ኣቶ መንግስ ተኸስተ ሃማርያም ብመኪና ሃሪሙ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። ኣቶ መንግስ ተኸስተ ድማ፡ ንጽባሒቱ ዕለት 21 ኑሓሰ 2025፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ - ጸጸራት ብኽብሪ ዝበለ ስነ ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ፈጻሚ ሓደጋ'ውን ብኣላ ምሕረት ስድራቤት


ኣቶ ሰመረኣብ ነጸርኣብ (ፈጻሚ ሓደጋ)

መዋቲ፡ ኣብ ሳልስቱ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከምዝወጽእ ተገይሩ።

ዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡት ናይ ዕርቂ ኮሚቴ ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብዕለት፡ 02 ሕዳር 2025፡ ኣብ መንበሪ ክልተ ስድራቤታት ወማዩ ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ ኣሎ። ኑቲ ዕርቂ ዝምልከት ሰማማዕ ዕርቂ'ውን ተኻቢቡ።

ኣቦ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሰመረኣብ ነጸርኣብ መብራህቱ፡ ወለዱ፡ ካህናትን ቤተሰቡን ኣምሪሖም'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍስሄር ኣቶ መንግስ ተኸስተ ቀሪቡ። ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱዎ ብጹእ ኣቡነ ጎርጎርዮስ ድማ፡ ተቛጺርም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ብስድራቤት መዋቲ ንዝተገብረ ኩሉ መዳያዊ


ኣቶ መንግስ ተኸስተ (መዋቲ)

ኣቀባብላን ኣኽብሮትን ኣመስጊናም። ስድራቤት መዋቲ፡ ኑታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መለኮቲ ዘይብሎ ምሕረት ምምራጾም ድማ፡ መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምኳኑ ሓቢሮም።

ቀጺሉም በቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዘስምዑ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኮ/ል ኣይንኣለም ዘርኣ'ዩ። ኮ/ል ኣይንኣለም፡ “ሰብ ብጊዚዙብ ዘይርኣ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኸርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸማኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ዝዘንትእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዝንቶ'ዩ” ኢሉ።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል ብወገኑ፡ “ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ዘይተሓስበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኩይኑና። ኣምላኽ ግን ኣጸኒዑም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። ዚ ሕውነት ክንተኻለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እምበ። ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምለእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክንብረኩም'ዩ” ክብል ቃሉ ኣሰሚዑ።

ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ደብሳይ ወልዱ ብግዲኡ፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን፡ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽና'ውን ‘መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም’ እናበለ፡ ንዝበደሉና ምሕረት ክንገብርን ምስኦም ክንዕረቕን ስለዝእዘዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕቡናት ኢና። ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ድማ፡ ብምድሪን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጸቡቕ ኣብነት ብምኳኑ ድማ፡ ከሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ሪዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ሕጂ ከኣ ን/ሄር መንግስ ተኸስተ መንግስተ ሰማይ፡ ንብዓልቲ ቤቱን ቤተሰቡን ምሉእ ጸጋዕት፡ ንደቁ ድማ ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ሂቡ ተኻእቱ ይግበርም” ኢሉ።

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ካብ ስድራቤት መዋቲ ቀሺ ሚካኤል ገ/ክርስቶስ'ዩ ተዛሪቡ። ቀሺ ሚካኤል፡ “መንግስ ወድና ክቕተል ሰመረኣብ ድማ ክቕትል ኣይወፈሩን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኩም ከኣ፡ ካብታ ወድና ብመኪና ዝሞተላ ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብዓቢኡ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ጊጽን ደቢሱና'ዩ። ካብ'ዚ ዝገበርኩምዎ ዝዓቢ ደብሰን ምጉያይን የለን። ገዛዙብ ዝኑብረልካ የብሉን፡ ሕልናዊ ሩፍታን ደብሰን ክምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገዛዙብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ። ምሉእ ጸጋዕት'ውን ይሃብና” ክብል ተዛሪቡ።

ኣኮ መዋቲ ኣቶ የማነ ገብረንጉስ ድማ፡ “ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሓዚንና። ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ፡ ተኣኪብናን መኺርናን ኑቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዘሞ ምብቃዕና፡ ኣዝዩ ዘደስቕ'ዩ። ዕርቅን ምሕረትን ድማ፡ ንሰብ መለለዩኡን ግርማኡን ስለ ዝኾና፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ መንግስ ወድና ብጊዚዙብ ስለ ዘይትመን ንዓና እቲ ዝዓበዩ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስ ምሕረት መሪጽና ኣለና። ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየለ፡ ንዘበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምኳኑ፡ ዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኽር” ኢሉ።

ሓሙ መዋቲ ኣቶ ሰለሙን ባይሩ ብወገኑ፡ “መንግስ ወድና ብንእስነቱ ልግዐ ዕድመኡ፡ ንኣሸቱ ህጻናት ጊዲፉ ብሞት ሓጺሩ። ኣገባብ ካብ መንገና ምፍላዩ፡ ኣመና ኣሕዚኑና'ዩ። እንተ ኾነ፡ ኣምላኽ ዝሓሰቦ ኣይምለስን'ዩ። ሕጂ ከኣ ሰመረኣብ ከካ ኣሉ ንመንግስ ክቕትል ኣይመጸን፡ መንግስ'ውን ክቕተል ኣይከደን - ዘይትሰገር መጻልቲ'ያ ኣራኺባቶም። ኣብ መውዳእታ ግን፡ እቲ ጉዳይ፡ ሰብነ እዝዮም ብዝፈትዎ፡ ሕልናና ብዘቐሰነ፡ ብዘሑርዕ እምነትን ባህልን ብዕርቂ ፈጺምናዮ ኣለና'ሞ፡ ንመንግስ መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ከኣ ጸጋዕት ይሃብና” ክብል ተዛሪቡ።

ኣቶ ተወልደ ሰዩም፡ ኣቶ ተስፋጋብር ክፍሉ፡ ኣቶ ሰለሙን ፍስሃጽዮን፡ ኣቶ ፍጹም ቀሺ ኣርኣያ ከምኡ'ውን ኣቶ ዳኒኤል ሃይለ ድማ፡ “ኩልና ከም እንፈልጦ፡ ሓደጋ ወዘቢ'ዩ፡ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ክቡር ሓውናን ወድናን ብሓደጋ ተፈልዩና። ሕጂ ከኣ እምነትናን ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር ባህልናን ምሕረት ስለዝኾነ፡ ፍቕርን ምሕረትን ተገይሩ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ መመለሱ ዘለገሰ፡ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዓቢኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዝሃበና ፈጣሪ ነመስግን” ክብሉ ኑቲ ዝተገብረ ዕርቂ ዝድርዕ ሓሳባት ተዛሪቦም።

ነፍ/ሄር መንግስ ተኸስተ፡ ኣቦ ሓሙሽተ ቆልዑ'ዩ ነይሩ። እታ ዝዓበየት ወላዱ ጓል 19 ዓመት ክትከውን ከላ፡ እታ ዝንኣሰት ድማ፡ ንሱ ኣብ መባል 20 መዓልታ ብሞት ዝተፈልያ፡ ሕጂ ጓል ሰማንያ መዓልታ ኮይና ተጠሚቓ ዘላ ጓሉ'ያ። ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኮኾብ ሰለሙን ኑቲ ዝተገብረ ምሕረት ኣመልኪታ ከምዚ ክትብል ገሊጻልትና - “መንግስ፡ ብሩኽ ለዋህ፡ ፈታዊ ደቁን ሰብን እዩ ነይሩ። ሕጂ ከኣ ስድራቤት ወዲኣምም'የም። ምሕረት መውዳድርቲ ስለዘይብሉ፡ ኣቦ'ቲ ንሰም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉድሎ የብለይን። ልክዕ'ዩ፡ ብዓል ቤተይ ተፈልዩኒ'ዩ፡ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን ቤተሰበይን መሪር ሓዘን'ዩ ተሰሚዑና። እንተ ኾነ ፍቕርን ሰላምን ስለ ንደሊ፡ ምስ ኩሉም ቤተሰብ ምሕረት ኣዚዝና ኣለና። ደሮ'ውን ብዓልቲ ቤቱ ንሰመረኣብ ነጸርኣብ፡ ዛ ህጻን ጓልና ብልግስቶ ሒዛታ ኣላ። ኣብ መጻኢ ከኣ ብፍቕሪ ክንክይድ'የ ዝደሊ” ክትብል ገሊጻ።

ወላዲቱ ንመንግስ ወ/ሮ ጸገ ገብረንጉስ ብግዲኣ፡ “መንግስ ወደይ፡ ኣባል 7ይ ዙርያ እዩ፡ ምስ ኩሉም ጀጋኑ ብጾቱ ብምኳኑ ከኣ ልኣላውነት ሃገር ኣብ ምኽባር፡ ኩሉ ወራራት ብዘወፈይነት ዝተሳተፈ ጅግና'ዩ። እዚ፡ ሕያዋይ፡ ለዋህ፡ ቦቐቦቕ፡ ፈቃር ወላዲይ ከምዚ ኣሉ ብሞት ክፍለየና ከሎ፡ መሪር ሓዘን'ዩ ተሰሚዑና። እንተ ኾነ ብወዘቢ

ዝተፈጸመ ሓደጋ ስለ ዝኾነ፡ ኑቲ ጉዳይ ብምሕረትን ዕርቅን ክንፍጽሞ ወሲንና ኣለና። ኣምላኽ ከኣ፡ መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም ስለ ዝበለና፡ ዚ ፍጻመ ብምሕረት ክንፍጽሞ ምውሳንና፡ ሕቡንቲ እየ። ንመንግስ ወደይ መንግስተ ሰማይ፡ ኑዩም ብሂወት ዘለና ድማ ጸጋዕት ይሃበና” ኢላትና።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሰመረኣብ ነጸርኣብ መብራህቱ ድማ፡ ንዝተገብረሉ ምሕረት ከምዚ ክብል ገሊጹ -“ኣምላኽ ኣጸኒዑም ኣብዞም ጥዑማት ገዛ ስለዘውደቐኒ፡ ኣዝዩ'የ ዘመስግኖ። ናይ ብሓቂ


ኣቶ የማነ ገብረንጉስ


ኣቶ ሰለሙን ባይሩ

ሕያዎትን ጥዑማትን ገዛ ኢኹም። ብሩህ ገጽኩምን ኣቀባብላኹምን ኣጸናኒዑኒ፣ ንኽብረትኩምን ጭውነትኩምን ኣርእዩኒ'ዩ። ሕጂ ከኣ ስለቲ ዝገበርኩምለይ ምሕረት፡ የቐንየለይ፡ ሓጎሰይ መግለጺ የብሉን። ተጻዊኑኒ ዝነበረ ጭንቀትን ሓሳባትን ንእሉቱ ካብይ ተቐንጢጡ ተኣልዩለይ ኣሎ፣ ኢደኩም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ” ኢሉ።

ኣቶ ፍጹም ኣርኣያ ገ/ማርያም፡ ኣመሓዳሪ ምም/ከባቢ ዳዕሮ ጳውሎስ ብወገኑ፡ “እዚ፡ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ መርኣያ ክቡር ባህሊናን እምነትናን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ምኳኑ ዘጸረ'ዩ። በዚ ብስድራቤት ነፍ/ሄር ኣቶ መንግስ ተኸስተ ሃማርያም ተፈጺሙ ዘሎ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስ ሰናይ ተግባር ከኣ፡ ከርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ይስመዓና። ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየለ፡ ንዘበደልካ ምሕረት ምግባር ከኣ፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምኳኑ፡ ዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኽር። ከምኡ'ውን ንሓውና ነፍ/ሄር መንግስት ተኸስተ መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ጸጋዕት ይሃበና” ክብል ገሊጹ።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ብምዕሩግ ኣገባብ ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ተቓዲሶም።


ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ


ስድራቤት መዋቲ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

# ዕብየት፡ ውጽኢት ሓያል ጻዕሪ

ሓረስታይ ዓንደመስቀል ትካቦ ተቐማጢ ዓረዛ'ዩ። ካብ 1994 ጀሚሩ ተወለዱ ኣብ ዝዓበየላ ዝርቢን ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ዝሰጥፍ ዘሎ ሃብሮም ሓረስታይ እዩ። ንሱ፡ ናብ ልምዓት መስኖ ቅድሚ ምቅማጡ፡ ነጋዳይ'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ግዜ ግን፡ ኑቲ ነዊሕ ዓመት ዝጸዓረሉን ዘጎሕ ዝበለሉን ስራሕ ንግዲ ረጥሪጡ ኣብ ጀርዲን ወፍሪ ክዙበር ኣንቂዱ። ካብ ቁልዕነቱ ዝንባለ ናይ ሕርሻ ከም ዝነበሮ ዝሕብር ሓረስታይ ዓንደመስቀል፡ "ዕብየት፡ ውጽኢት ሓያል ጻዕሪ" ምኳኑን ይነጥፈሉ ኣብ ዘሎ ልምዓት ጀርዲን ዝተርፎ ፍልጠትን ክእለትን ድማ ካብ ሞያውያን ልምዓት መስኖ ብዘረኸቦ ደገፍ ተሓጊዙ ሓሳብ ልቡ ከምዝሰምር ኣሚኑ እዩ ተበጊሱ።


መግቢ እንስሳ ኣብ ጀርዲን ሓረስታይ ዓንደመስቀል

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ 4 ሄክታር ዝሰፍሓቱ መሬት ልምዓት መስኖኡ፡ ኣሕምልቲ፡ ካውሎ፡ ሽጉርቲ፡ ድንሽ...፡ ዝዩቱን ዝኣመሰሉ ካብ ፍረታት፡ ንመግቢ እንስሳታት ዘገልግሉ በዓይነቶም መግቢ እንስሳ ሳዕሪ ካብ ኣእካል ድማ ጣፍ፡ ዕፉን ወዘተ ንዓይኒ ብዘዮግርኽ ለሚዑ ይርአ።

ሓረስታይ ዓንደመስቀል ብዘይካ'ዚ፡ ከም ኣቦ መንበር ማሕበር ተራድኦ ኣፍረይቲ ኣሕምልቲን ፍረታትን ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኮይኑ'ውን ተሓዚ ገንዘብ ማሕበር ተራድኦ ኣፍረይቲ ኣሕምልቲን ፍረታትን ዞባ ደቡብ እዩ። ንሉም ኑቲ ንኣሰታት 30 ዓመት ተዋፊሩ ዝሰጥፈሉ ዘሎ ልምዓት መስኖ ኣመልኪቱ ዝዘለና ሓበሬታ ቀዳማይ ክፋል ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናጥሩም ምባልና ይዝከር። ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ–

- **ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ዝተፈለለዩ ኣሕምልቲ ዘርእካ ዝተጠቀምካሉ ቦታ፡ ኣብ ክረምቲ ዕፉን ከምእትዘርኦ ገሊጽካ። ዚ ንኽትገብር ዝደረኸካ እንታይ'ዩ? ውጽኢቱኸ ከመይ ትገልጾ?**

ዕፉን ክዘርኦ ዝደረኸኒ ምስ ውሕጅ ክረምቲ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ባህርያዊ ኣቀማምጣ ናይቲ ቦታ እዩ። ኣብ ክረምቲ ዚጋጥም ብማእከል ግራተይ ዝሓልፍ ውሕጅ ኣብ ምህዳእ ኮነ ፍግሪ መሬት ኣብ ምክልኻልን ዝመጽእ ልሙዕ ሓመድ ኣብ መሬት ሕርሻይ ተኾቲሩ ኣብ ምትራፍን ልዑል ግደ ኣለዎ። እዚ ክብል እንከለኹ ንመከላኸሊ ውሕጅ ጥራይ ይጥቀመሉ ማለት ግን ኣይኮነን። ብዓብኡ እቲ ዝዘርኦ ዕፉን ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃቦ ምሩጽ ዘርኢ ኮይኑ፡ ካብ ሄክታር 25 ኩንታልን ልዕሊኡን ምህርቲ ዝረኽበሉ'ዩ። ቃንጫኡ ድማ፡ ንመግቢ እንስሳ የውዕሎ። ዕፉን ምስ ተኣከበ ገለ ክፋል ናይቲ ዕፉን ዝዘዘርኦ ቦታ ዓተር ዝተረፈ ከኣ ካልእ ይዘርእ።

- **እዚ ከቢ ወዑይ'ዩ። ኣብዚ ቦታ ዓተር ምዝራእ ወጽኢቱ ከመይ'ዩ?**

ከምቲ ዝበልክዎ እዚ ከቢ ወዑይ ስለዝኾነ ቀልጢፉ'ዩ ሽባዕታ ዘጋጥሞ። ዓተር ክዘርኦ ዝደረኸኒ ክልተ ምኽንያት እየም። ንምህርቲን ፍርያምነት ሓመድ ንምስሳን። ከምዚ ገይረ፡ ካብ ሄክታር ብዝሖጋም ካብ 8 ክሳብ 10 ኩንታል ምህርቲን ዘይተኣደነ ቡቕቡቕ መግቢ እንስሳይን ድማ እረክብ።

**ኣብ ጀርዲን ካብ ኣሕምልቲን ፍረታትን ወጻኢ ኣእካልን ካልእን ክዝራእ ብመምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ፍቑድ ድዩ?**

ብመሰረት መምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ፍቑድ ኣይኮነን። ኩነታት ከምቲ ትደልዮ ምኻን ምስ ኣበየካ፡ እቲ እትደልዮ ምስ ዘይትረኽቦ ግን ናብቲ ዝጠቕሰልካ ዘለኹ መንገዲ ክተሳግሽን ክትጉዕርን ትድረኽ። በዚ መሰረት፡ ድሕሪ ኣሕምልቲ፡ ጣፍ ንዝርኣሉ እዋን ኣሎ። ጣፍ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮንኩን ኣብ ጀርዲነይ ዝዘርኦ። ንኽልተ ዕላማ ጠሚተ'የ ዝዘርኦ። ንመከላኸሊ ጸረ-ባልዓትን ትሕዝቶን ቅርጺን ፍርያምነት ሓመድ ንምህብታምን ንምቕያርን ክበል ሓሲበ'የ ዝዘርኦ። ጣፍ ምስ ሓፈስኩ ከኣ ድንሽ እዘርእ። እዚ ብውልቂ ተመኩረ ዝጥቀመሉን የዐውተኒ ኣለ ዝኣመንኩሉን ኣገባብ ዑደት ዘርኢ'ዩ።

- **ኣብ ጀርዲንካ ጣፍ ምዝራእ ባልዓት ከምዘከላኸል፡ ትሕዝቶ ሓመድ'ውን ከምዝሃብቶም ግብራዊ ምርምር ኣካይድካ ከምእተዓወትካ ገሊጽካ። ከምኡ ገይርካ እትረኽቦ ምህርቲ ጣፍ ካብ ሄክታር ክንደይ ይበጽሕ?**

ጸቡቕ'ዩ ዝበቊል። ኣብ ደረጃ ፍረ ምስ በጽሐ ስለ ዝፈክስ ግን፡ ከምቲ ትጸበዮ ኣይኹን'ምበር፡ ካብ ሄክታር ብዝሖጋም 6 ክሳብ 7 ኩንታል ይረኽበሉ'የ። እኹል ዘይኮነ ግን፡ እቲ ካብኡ ዝረኽቦ ንቐለብ ጥሪተይ ዝኸፍሊ ሓሰር'የ ኣብለጸ ዝርእየ።

- **ኣብ ጀርዲንካ እትጥቀመሉም ዓይነት ድኹዒ፡ ጸረ-ጻህያይን ጸረ-ባልዓትን?**

ጸረ-ባልዕ ይኹን ጸረ-ጻህያይ ክንጥቀም ብሚኒስትሪ ሕርሻ ፍቑድ ኣይኮነን። ኣብ ከም ብዓል ካውሎ ዝኣመሰሉ ኣሕምልቲ፡ ጎና፡ ኣብ እግሪ ተኽሉ ከሎ ባልዓት ኪጋጥሙና እንከለው፡ ብኣፍልጦ፡ ምኽርን ደገፍን ሞያውያን ሕርሻ መድሃኒት ዝጥቀመሉም እዋናት ኣለው። ካብዚ ወጻኢ ግን፡ ካብ ተጠቃምነት ቀመማውያን ጸረ-ባልዓትን ጻህያይን ወጺኡ፡ ድኹዒ ጥሪተይ'የ ዝጥቀም። ጉድል ክብለኒ እንከሎ ድማ፡ ኣብ ከበና ካብ ዘለዉ ሓረስቶት ወሃቢት ጥሪት ይወስኽ። ብኸምዚ ዝጠቐስክዎ ዑደት ዘርኢ፡ ጻህያይን ባልዓትን ኣብ ምጕዳልን ከምኡ'ውን ፍርያምነት ሓመድ ኣብ ምህብታም ዘለዎ ግደ፡ ኣቃሊልካ ዝርአ ስለ ዘይኮነ፡ ብኣገባብ'የ ዝጥቀመሉ። ጻህያይ ክብርትዕና ከሎ፡ ከም ተጻቢኢ ዘይኮነ ከም ጺጋ ንመሳገሊ ግዜ ቀሉብ ንጥሪት ይጥቀመሉ።

- **ኣብ ምርባሕ ንህቢ'ውን ወፍሪ ንምክያድ ተበጊስካ ኣለኻ። መዓስ ኢኻ ጀሚርካዮ፣ ናይ መጻኢ ውጥን ኣብዚ ዓውዲ ከመይ'ዩ ክመስል?**

ሕርሻ ንህቢ ብዙሕ ዘፅህልኽን ውጽኢታውን ወፍሪ'ዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ብ5 ቆፎ ጀሚረዮ ኣለኹ። ዘለዉኒ ኣናህብ ንፋዓት'የም ዘተባብዕ ወጽኢት ክኣ ረኺበሉም ኣለኹ። ንህቢ መዓር ጥራይ ዘይኮነ ካብን ናብን ኣብ ማስርሕ ወሲብ ምስጊጋር ጸገ ኣትክልቲ ግደኡ ዕዙዝ'ዩ። ዝ ኣብ ግምት ኣእቲየ እየ፡ ማዕረ-ማዕረ ልምዓት መስኖይ ክሰጥፈሉ ዘበገስክዎ።

- **ኣብ ምርባሕ ደርሁ ክትሳጥፍ መደብ ከምዝለኻ'ውን ሰሚዐ ኣለኹ። እዚ ከተብጽሖ መደብካዮ ዘለኻ ወፍሪ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣብጺሕካዮ ኣለኻ?**

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ኣሕምልቲን ፍረታትን ጥራይ ከይተደረትና፡ እንተላይ ኣብ ናይ ጸብ ኩቡቲ፡ ደርሁ፡ ንህቢን ካልእን ወፍሪ ክንዝውር'ዩ ዘተባብዐ። ካብዚ ተበጊሰ ንዘወጻኢ ምኽሪ ኣብ ባይታ ከተግብር ብምሕሳን ኣብ መፍረ ደርሆ ወፍሪ ክዙበር ኣንቂደን ቦታ ፈልየ ተበጊሰን ኣለኹ። ንዕኡን ዝበቅዕ ሰፍራን ካልእን ብምልኣት ኣብ ዘዋደድኩሉ ግዜ ድማ፡ ደርሁ ክወሃብኒ ሕቶ ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከቕርብ ናብኡ ዘብጽሓኒ መንገዲ ኣብ ምጽራግ ደርኩቡ፡


ገረብ ተፋሕ ኣብ ጀርዲን ኣቶ ዓንደመስቀል

- **ኣብዚ ናይ ነዊሕ ዓመት ጉዕዞ ናይ ሕርሻ ቃልሰኻ ብፍሉይ ክመሓየሽ ኣለዎ እትብሎ እንታይ'ዩ?**

ጸገምና መንግስቲ ቁላሕታ ሂቡ ክፈትሓልና እንጽበዮ ኣቕርቦት ኣብ ምሩጽ ዘርኢ፡ መድሃኒት እንስሳታት፡ ፍሩስካ መግቢ እንስሳ ወዘተ ኣብዚ ጸገም ኣሎና። ብቐረባ ክፍታሕ ድማ ንዝምልከቶ ጸወዒተይ ኣቕርብ።

- **ንኽንደይ ዝኣክሉ ዜጋታት ሽቕለት ስራሕ ፈጢርካ ኣለኻ?**

"ንኻዕ ዝዕቐማ ትቐብጽ" ከም ዝበሃል፡ ኣብ ግዜ ምትካል ፈልሲ፡ ጻህያይን ምሕፋስ ምህርቲን ኩነታት ስራሕና ዝጠልቦ ብዙሕ ዓያዪ ጉልበት ነበርቲ ዓዲታት ናይ'ዚ ከባቢ ብምስታፍ ኢና ንሰምሞ። ኣብ ምእላይ ጀርዲንን ከብቲን ዝሰጥፉ ብቐዋምነት ዝሰርሑ 4 ደቂ-ተባዕትዮ ሰራሕተኛታት ኣለዉና።

- **ብዘይካ'ዚ፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ተራድኦ ኣሕምልቲን ፍረታትን ንኡስ ዞባ ዓረዛ ውን ኢኻ። ዚ ኣመልኪትካ ሓጺር መብርሂ ክትህበና?**

ኣብ ንኡስ ዞባና፡ 175 ምዝጉባት ኣልማዕቲ ጀርዲን ሓረስቶትን 238.75 ሄክታር ዝለምዐ ቦታን ኣሎ። እዚኦም ኣልማዕቲ ገሊኦም ኣብ መለሳ መሬትን ኮንቸሲዮን ተባሂሎም ደረጃታት ዘለዎም'የም። እቲ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዝፈሪ ኣሕምልቲን ፍረታትን ድማ፡ ጠለብ ዕዳጋታት ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ኣውሒሱ ንኻልእ ዕዳጋታት ከበናን ኣብ ምርግጋእ ልዑል ግደ ኣለዎ። ክብ ኢለ ዝጠቐስክዎም ናይ ምሩጽ ዘርኢ፡ መድሃኒት እንስሳታት ወዘተ፡ ሕቶ ነፍሲ-ወከፍ ኣልማዕቲ ጀርዲን ኮይኑ ይቐጽል'ኳ እንተሎ፡ እዚ ኣብ ዝፍትሓሉ ፍርያት ኣልማዕቲ ጀርዲን ንኡስ ዞባና እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል ይረኣየኒ። ጠለብን ቀረብን ልምዓት መስኖ ብዙሕ ከብታት ከረጋግእ ዝኽእል ምህርቲ ክሕፈስ ከም ዝኽእል'የ ዝኣምን። ዚ ንምብጻሑ ድማ ነዞም ዝተጠቕሱ ኣልማዕቲ ቁላሕታን ደገፍን ዝምልከቶ ኣካል የድልዮም ኣሎ።


ሓረስታይ ዓንደመስቀል ትካቦ

- **ኣብ መወዳእታ ተሕልፎ መልእኽቲ?**

ሓረስታይ ሃብቲ ሃገር እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብውልቁ ሰሪሑ ዝረኸቦ ምህርቲ ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ስለዘውዕል። መንግስቲ ዝ ተረዲኡ፡ ሓረስታይ ኣብ ክንዲ ብውልቁ ብመልክዕ ማሕበራት ተወዲቡ ቤት ጽሕፈት ሂልይዎ ማበስ ዝኾና ሰራቕ ኩበስ ሓደ ካብ ዕላማታቱ'ዩ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ብማሕበር ዝተወደቡ ሓረስቶት ኣልማዕቲ ጠለብን ቀረብን ዕዳጋ ኣብ ምርዋይ ዓቢ ተጽዕኖ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝድይብ ሞራላዊ ምትብባዕ ስለ ዘድልዮም፡ ከምቲ ደጋጊመ'ውን ዝጠቐስክዎ ኣብዚ መዳይ ቁላሕታን ደገፍን ዝምልከቶ ክየዕዝዝ እምሕጽን።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ንሓላፊ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ ምሕረቱ ኣርኣያ፡ ብዛዕባ ኣልማዒ ሓረስታይ ዓንደመስቀል ዘለዎ ትዕዝብትን ርእይቶን ቃል ምስክርነቱ ክህበና ተወኪስናዮ ነይርና። ዝሃበና መልሲ ድማ ይስዕብ።

"ዓንደመስቀል፡ ካብ 1994 ጀሚሩ ኣብ ልምዓት መስኖ ዝሰጥፍ ዘሎን ቀረብን ቀሉብን ኣሕምልቲ፡ ጸብን ፍረታትን ምምሕዳራት ከበባታት ዓደብ፡ ዓዲ ጉልቲ፡ ሓጺና፡ ዓረዛ፡ ማይድማን መንደፈራን ከማልእን ከረጋግእን ዝጽዕት ዘሎን ንፉዕ ሓረስታይ'ዩ። ብሕጻር ዝበሉ፡ ሕርሻኡ ምሕዳር፡ ጽፋፍ፡ ዝተወሃሃደ፡ ወቕቱ ዝሓለወ ኣገባብ ዝኽተለ፡ እቲ ካብ ሕርሻ ክርከብ ዝግበኦ መኣዛዊ መግቢ ኩሉ ኣብ ግራቱ ክትረኽቦ ዚይትጸግም ውሕሉል ሓረስታይ'ዩ። በዚ ድማ ንሱ መማህር፡ ሕርሻኡ ድማ ቤት ትምህርቲ ሓረስቶት ብምባል እገልጾ።


ኣቶ ምሕረቱ ኣርኣያ ሓላፊ ሕርሻ ን/ዞባ ዓረዛ

"ቀንዲ ብልጫ ሓረስታይ ዓንደመስቀል፡ ፍርያቱ ንኽብበሉ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሕ ምኳኑ'ዩ። ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ናብ ጀርዲኑ ዘወር ምስ እትብል፡ ኣብ ማእከል ጀርዲኑ ጠለብን ቀረብን ፍርያቱ ከማልእ ዓማዊሉ ክሳሲ ላዕሊን ታሕቲን ክብል'ዩ ዝጸንሓካ።

"ፍርያት ሓረስታይ ዓንደመስቀል ኩሉ ኦርጋኒክ እዩ። ዓቕሚ ባጀት ይሓጽር'ምበር፡ ንሓደ ሓረስታይ ካብ ኣብ ክፍሊ፡ ኣብ ቦታ ሕርሻ ከም ብዓል ሓረስታይ ዓንደመስቀል ግብራዊ ትምህርቲ ክትምህሮ ክሳብ ክንደምንታይ ኣኽኣቢ ምኳኑ ይረኣየኒ። ሕርሻ ዓንደመስቀል ዝተደኮሉ ቦታ ከውሊ ግን ከኣ ምዕሩግ ጸባቕ ዘለዎ ከባቢ ኮይኑ፡ ሞኑብ ናይ'ቲ ከባቢ'ዩ ኢልካ ክግለጽ ይከኣል።

"እዚ ይኹን'ምበር፡ እዚ ሓረስታይ'ዚ፡ ኣብ ክረምቲ ልምዓት ካብ ዝጀምር ክሳብ ሕጂ ዘይተፈትሐ ሓደ ዓቢ ግድል፡ ብማእከል ግራቱ ሓሊፉን ለሚሙን ዝሓልፍ ውሕጅ'ዩ። ዘለዎ ዓቕሚን ክእለትን ኣወሃሂዱ ነገራት ናብ ንቡር ንምምላስ ዝሕልል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ዓመታዊ ኣብ ልዕሊ ጀርዲኑን ዒላኡን ንዘወረደ ጉድኣት ንምሕዋይ፡ ብዙሕ ባጀት ክሰልዕ ኢና ንዕዙብ። እዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታቱ ኮይኑ ዘቐጽል ዘሎ'ዩ።" ብምባል፡ ኣቶ ምሕረቱ ንጉዳም ኣልማዒ ጀርዲን ሓረስታይ ዓንደመስቀል ትካቦ ገሊጽዎ።

ሓረስቶት ኣልማዕቲ ኣሕምልቲን ፍረታትን ክንደይ ወጻኢ ገይሮም? ክንደይ ደሺጡ? ካብ ማንም ዝኸወል ኣይኮነን። ዕዝዞም ዕዝብት ሓፋሽ ምኻኑ ተረዲኦም፡ "ከሰርና ኸሲይጥ ኣሎና፡" ኢሎም ከማርሩ ኣይሰምዑን፤ ኣብ ክንድኡ፡ ከም ብዓል ዓንደመስቀል ዝኣመሰሉ ሓኾተታት ሓረስቶት፡ ተገልጋሊ ዝደልዮ ፍርያት ቀሪቡና ከመይ ነዕገጎን ነረጋግእን ብዙበል ናይ ነዊሕ ትልሚ ሓንጺጾም ምህርቶም ንምኽዕባት ክሰጥፉ ክትዕዘብ ከለኻ ዕግበት ይሰምዓካ። በዚ ኣጋጣሚ ሕብረተሰብና እኹልን ውሑስን መኣዛዊ መግቢ ክምገብ ከም ብዓል ዓንደመስቀል ክስሰሉልና ድማ እምነ!

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ኣትለቲክስ፡ ሻምፕዮን ክለባትን ንኡሳን ዞባታትን ማእከል

ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ክለባትን ንኡሳን ዞባታትን ማእከል፡ ጽባሕ ሓሙሽተ ታሕሳስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክፍለም'ዩ።

እዚ ሓደ ካብ ስሩዕ ውድድራት ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ዝኾነ ሻምፕዮን ክለባትን ንኡሳን ዞባታትን ማእከል፡ ብኽልተኡ ጾታ ዝቐጽል ኩይኑ፡ ካብ 100 ሜትሮ ክሳዕ 10 ሽሕ ናይ ትራክን ተግባራት ሜዳን ዘጠቓለለ ውድድር ተሰሪዑ ይርከብ።

እዚ ውድድር ኣብ መንጎ 16 ንኡሳን ዞባታት ማእከልን ሰለስተ ክለባት ዞባ ማእከልን ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጽል ኩይኑ፡ ኣትሌታት ብዝዮትርዎ ብዝሒ መዓልያታት ንብሰል ዝኾኑት ክለብ ወይ ንኡስ ዞባ ክትሽለም'ያ።

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝልኣኸልና ሓበሬታ፡ ንቀዳመይቲ 40 ሽሕ ናቕፋ፡ ንካልኣይቲ 25 ሽሕ ናቕፋ፡ ንሳልሰይቲ ድማ፡ 12 ሽሕ ናቕፋ ሽልማት ኣዳልዩ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እዚ ከምዚሉ ከሎ፡ ዝመጽእ ሰሙን'ውን ኣብ ጎደናታት ኣስመራ፡ ደቂ-ተባዕትዮ 25 ኪሎ ሜተር፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 10 ኪሎ ሜተር ኣብ ጽርግያ ዝካየዱዎ ወድድር ተሰሪዑሎም ከም ዘሎ ሓቢሩ።

## ሃላንድ፡ እቲ ማሽን ሸቶታት

ኤርሊንግ ሃላንድ፡ ኣብቲ ጋንታኡ ንፉልሃም 5ብ4 ዝሰዓረትሉ ናይ ሰለብ ምሸት ግጥም ሸቶ ብምቑጻሩ፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ቀልጢፉ 100 ሸቶታት ዝበጽሐ ኣጥቃዓይ ብምዃኑ ናይ ኣላን ሽረር ክብረ-ወሰን ኣመሓይሽዎ።



ሃላንድ፡ ኣብቲ ጋንትኡ ብዘውሳስልን ባዩር ለቨርኩሰንን ዝተረትዓሉ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ድማ፡ ንሊደስ ዝሰዓረትሉ ግጥም፡ ዘይኣመሉ ኣብ ሰለስተኡ ተኸታታሊ ግጥማት ካብ ሸቶ ርሒቑ'ዩ ናብ ግጥም ምስ ፉልሃም ኣምሪሑ። እንተ ኾነ ሰለብ ምሸት፡ ኣብ መበል 17 ደቒቕ ካብ ጀረሚ ዶኩ ዝመጽኣቶ ኩዕሶ ምስ ሰከዖት ብምርኻቡ፡ ናይ ሸቶ ጽምኡ ብምርዋይ ክብረ-ወሰን ኣጽሒፉ።

እዚ ኣብ 2022 ካብ ቦሩስያ ዶርትሙንድ ናብ ሲቲ ዝተሰጋገረ ኣጥቃዓይ፡ እንግሊዛዊ ኣጥቃዓዊ ኣለን ሽረር፡ ኣብ 124 ግጥማት 100 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ንዋሕ ዓመታት ሒዝዎ ዝጸንሐ ክብረ-ወሰን፡ ኣብ 111 ግጥማት ክበጽሖ ብምኽኣሉ እዩ እዚ ክብሪ በቒዑ ዝርከብ። ማሽን ሸቶታት ዝኾነ ሃላንድ፡ በዚ ዝኸዶ ዘሎ ሸቶ ናይ ምቑጻር ዓቕሚ፡ ብዙሓት ሸቶታት ዘመዝገበ ዝብል ክብረ-ወሰን'ውን ኣብ ሓጺር ግዜ ክበጽሖ ትጽቢት ይግበረሉ።

እዚ ሸቶ ምስ ኣቑጸረ ብናይ 'ሮቦት' ምንቅስቓስ ጸንብል ዘካየደ ኣጥቃዓይ፡ ነዚ በጺሕዎ ዘሎ ክብሪ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ መስርዕ 100 ሸቶታት ዘቑጸሩ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትኣቱ፡ ዘሐጉስን ዘለዓዕል'ዩ። ከምቲ ደጋጊመ ዝበልኩዎ፡ ናይ ሲቲ ኣጥቃዓይ እንተ ኾይንካ ብዙሓት ሸቶታት ክተቑጽር ኣለካ፡ ናተይ ስራሕ ድማ እዚ'ዩ፡ ሕማቕ'ውን ኣይኮንኩን" ኢሉ።

ወዲ 25 ዓመት ሃላንድ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ኩሉ ግጥማት፡ ካብ ዝቐጸለ 19 ጸወታታት 20 ሸቶታት ኣቑጺሩ ይርከብ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ ፕሪመር ሊግ

ማንቸስተር ዩናይትድ - ዌስትሃም ዩናይትድ 11፡00 ድ.ቐ

## ፊፋ፡ ስልጠና ላዕለዎት ደያኑ ኩዕሶ እግሪ ኣካይዱ



ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ፊፋ ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብምውህሃድ ናይ ላዕለዎት ደያኑ ኩዕሶ እግሪ ስልጠና ካብ 26 ክሳዕ 30 ሕዳር 2025 ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

ኣብቲ ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጽኡ ሓሙሽተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 35 ደያኑን ኮሚሽነራትን ዝተሳተፍዎ መደብ ስልጠና፡ ንሓደስቲን ዝተመሓየሹን ሕጋጋት ኩዕሶ እግሪ ንፈተና ኣካላዊ ብቕዓት ከምኡ'ውን ንምሕደራ ጸወታን ካልእ ኣርእስትታትን ዘጠቓለለ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብራዊን ኣስተምህሮታት ተሰጊዱ። ብኢንስትራክተራት ፊፋ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ሚስተር ካርሎስ ሄንሪኬዝን ማላዊ ሚስተር ማርክ ማዚንጎን'ዩ ተዋሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ናይ ስልጠና መደብ፡ ፕረሲደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ነቲ ስልጠና ዝመርሑ ኢንስትራክተራት ፊፋ ዝለዎም ፍልጠትን ተመክሮን ብዮበኡ ንምትሕልላፍ ዝርኣይዎ ተግዳስነትን ጻዕርን ብምምስጋን፡ ስልጠንቲ ነቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ብዮዝበራዊ ስራሕ ብምምዕባል ደረጃ ዕብየት ዳንነት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ክብ ንምባል ኣብ ዝቐጽል ዕማም ተራኦም ክጻወቱን ተላቢዩ።

ፊፋ ኣቐዲሙ'ውን ንመንእሰያት ደያኑ ዝዓለመ ተመሳሳሊ ስልጠና ኣብ ኣስመራ ወዲቡ ምንባሩ ይዝከር።

## ብኩራት ካሴዶ፡ ሕማም መርዘን ንቼልሲ

### ቼልሲ እታ መኽዘን ቀይሕ ካርድ

ኣሰልጣኒ ቼልሲ ኤንዞ ማሬስካ፡ ኣገዳሲት ሞይሰስ ካሴዶ ኣዳዕዳዕ'ዩ ዝበልጦ። ማሬስካ ንቼልሲ መሪሑ ካብ ዝቐጸሉ 51 ግጥማት፡ እዚ ኤኳዶርያዊ ኣካፋሊ ኣብ 50 ግጥማት ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ናብ ሜዳ ኣውሪድዎ ይርከብ።

ሕጂ ግን ኣብቲ ቼልሲ ምስ ኣርሰናል 1ብ1 ዝወጽኣትሉ ናይ ሰንበት ግጥም፡ ካሴዶ ቀይሕ ካርድ ብምውሳዱ፡ ኣንጻር ሊደስ (ትማሊ)፡ ቦርንማውዝ ከምኡ'ውን ኤቨርተን እተካየዱ ሰለስተ ግጥማት ክበኩር'ዩ። ቼልሲ፡ ኣብዘ ዓመት ኣብ ኩሉ ግጥማት ዘካየደቶ 20 ግጥማት ሸዱሽተ ቀይሕ ካርድ ክትወስድ እንከላ፡ ካብዚ እቲ ኣርባዕተ ኣብ 13 ግጥማት ፕሪመር ሊግ ዝረኸበቶ'ዩ። ዝሓለፈ ሰንበት ካሴዶ ቀይሕ ካርድ ብምውሳዱ ኸኣ ንቼልሲ፡ 'መኽዘን ቀይሕ ካርድ' ዝብል ስም ከውህባ ዝገደደ'ዩ።

ካሴዶ ኣብዚ ዓመት ውሽጢ ተጻዋታይ ሰማያውያን ምዃኑ ኣመስኪሩ ብምህላዉ ድማ፡ ንቼልሲ ብዘይ እዚ ተጻዋታይ እተካየዱ ሰለስተ ግጥማት ሕማም መርዘን ክኾና ምዃኑ ተንተንቲ ስፖርት ይሰማምዕሉ።

እዚ ብኣሰልጣኒ ቼልሲ፡ ምስ ናይ ማንቸስተር ሲቲ ተጻዋታይ ሮድሪ ክልተ ዝበለጹ እናተፈለሉ ዝለኣኹሉ ተጻወትቲ ዝብል ሰያመ ከውሃቦ ዝበቕዐ ካሴዶ፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዝበለጸ ተጻዋታይ ክሉብን ምርጫ ደገፍትን ናይ ቼልሲ ዝብል ሽልማት ክረክብ ዝኸኣለ'ዩ።

'ኦፕታ' ንኣገዳስነት ካሴዶ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ፍርዲ ኸኣ፤

ካሴዶ ኣብዚ ወቕቲ 28 ምንጣቕ (ታክል)፡ 18 ምሽላፍ ብምግባሩ ኣብ ሓሙሽተ ዝዓበየ ሊግ ኤውሮጳ ካብ ዝርከቦ ኣካፋሊ እቲ ዝልዓለ'ዩ። እዚ 28 ምንጣቕ ከኣ 23% ናይ ቼልሲ ዝሕዝ'ዩ። እዚ ውጽኢት ኦፕታ ምስናድ ተግባራት ተጻወትቲ ካብ ትጀምር ካልኣይ ደረጃ ዝሕዝ'ዩ። ካሴዶ ብዘዘበሮ ዝልዓለ ምንጣቕን ኣብ ቅልስ ምዕዋትን 59% ዝሕዘ ብምዃኑ ኣብ ፕሪመር ሊግ ልዕሊ'ቶም ብሉጻት ኣካፋልቲ ዝበዝሑ ናይ ኣርሰናል ዴክላን ራይሰን ናይ ሊቨርፑል ርያን ግራቨንበርች ዝሰርያ'ዩ።



ቼልሲ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ውሑለ ማእከል ሜዳ ንሰለስተ ግጥማት ትኸስር ብምህላዋ፡ ኣብቲ መሪሕነት ፕሪመር ሊግ ንምጭባጥ እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ዕንቅፋት ክፈጥረላ'ዩ።

ኤንዞ ማሬስካ ድማ፡ ከም መተካእታ ካሴዶ ብቀዳማይ ደረጃ ንኣንደርይ ሳንቶስ ክጥቀመሉ ከውሰን እንከሎ፡ ንኢንዞ ፈርናንደዝ ማሎ ጉስቶ፡ ጆስ ኣቼምፖንግ ከኣ ከም ኣማራጺ ክርእዮም ተገዲዱ ኣሎ።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

• **ኣርሰናል፡ ኤኳዶራውያን መናቱ ክተፈርም**

ሓያሾቲ ተጻወትቲ ናይ ምቕጻር ስትራተጂ ቀይራ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣተኩሮኣ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ትስፉዋት ተጻወትቲ ኣቐሚዓ ትርከብ።



በዚ ወጢናቶ ዘላ ኣገባብ ድማ፡ ደቂ 16 ዓመት ኤኳዶራውያን ተጻወትቲ ኤድዊንን ሆልገርን ኣብ ኣርሰናል ፈርማኦም ንምግባር ኣብዚ ሰሙን ናብ ሎንደን ክበጽሑ እዮም።

እዞም ክልተ መናቱ ኣሕዋት፡ ካብ ኑሓሰ 2027 ዓመት ዝጅምር ምስ ኣርሰናል ዘጽንሖም ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ክፍርሙ እዮም። ብመሰረት ሕጊ ፊፋ፡ ኩሎም ተጻወትቲ 18 ዓመት ከይመልኡ ኣህጉር ተሳጊሮም ክጻወቱ ስለ ዘይፈቕድ፡ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ክሳዕ 2027 ምስ ክለቦም ኢንዲፐንደንተ ደል-ቫል ክጻወቱ ክጸንሑ እዮም። ኣካዳሚ ኢንዲፐንደንተ ደል-ቫል፡ ትስፉዋት ተጻወትቲ ብምፍራይ ዝተማሰከ ኩይኑ፡ ፔሮ ሂንካፔ፡ ሞይሰስ ካሴዶ፡ ኬድሪ ፓኢዝ ካብዚ ኣካዳሚ ዝበቖሉ'ዮም።

እዞም ኣርሰናል ኣፈሪማቶም ዘላ ማናቱ፡ ኤድዊን ኣብ የማናይ ክንፊ ዝጻወት ክኸውን እንከሎ፡ ሆልገርን ድማ፡ እናጥቀዐ ዘጠቓፍል እዩ።

• **ክለባት ስዑድያ ንሳላሕ የቓምታ**

ክለባት ስዑድያ ንኣጥቃዓይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ ንምፍራም፡ ንሊቨርፑል ክፍትናኣ ከም ዝወሰና ተገሊጹ። እዚ ግብጻዊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብቲ ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ዌስት ሃም 2ብ0 ዝተዓወተትሉ ግጥም ናብ ሜዳ ብዘይምውራዱ፡ ምስዚ ክሉብ ዘለዎ መጻኢ ኣብ ሕቶ ምልክት ከም ዝኣቱ ገይርዎ ይርከብ። እዚ ተጻወታይ ኣብ ራዳራ የኢትያዶ ዝጸንሐት ኣል ሂላል፡ ዝመጽእ ክረምቲ እዚ ተጻዋታይ ንምፍራም ክትብገስ እንከላ፡ ኣል ቃዲሳ እውን ንምስግጋሩ ተበጊሶ ተርእዩ ኣሎ።

ሳላሕ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብዘን ናይ ማእከላይ ምብራቕ ክለባት ናይ 500 ሚልዮን ፓውንድ ጠለብ ቀሪቡሉ ነይሩ'ዩ። ሳላሕ ግን ፍቓደኛ ኣይነበረን። ምስ ሊቨርፑል ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ዝተረፎ ሳላሕ፡ ምስ ክለቡ ዘለዎ ዘይምስምማዕ እንተ ቐጺሉ፡ ኣብ ክረምቲ ናብ ስዑድያ ምስጋሩ ዳርጋ ዘይተርፍ ይመስል።

• **ነይማር ምስ ማሲ ክራኸብ**

ኢንተር ሚያም፡ ኣብ ሓጋይ ዝቐጽል መሰኮት ምስግጋር ምስ ተኸፍተ፡ ንብራዚላዊ ኣጥቅዓይ ነይማር ናይ ምፍራም ተኽእሎ ከም ዘሎዋ ተገሊጹ። ብሰንኪ መጕዳእቲ ኣብ ኣል-ሂላል ሕማቕ እዋን ዘሕለፈ ነይማር፡ ምስታ ክሉብ ሓባራዊ ስምምዕ ምስራዝ ውዕል ብምግባር ተሰናቢቱ። ንሓጺር እዋን ብምባል ናብ ናይ ሃገሩ ክሉብ ሳንቶስ እኳ እንተ ተጸንበረ፡ ተመሳሳሊ መጕዳእቲ ግን ኣይተገደፎን ጸኒሑ።

ኣብዚ ክለብ፡ 'ሰሪ ኣ' ብራዚል ሀላወኣ ንምውሓሱ ነይማር ድማ ካብ መጕዳእቲ ንምሕዋይ ዝጉበሩዎ ዘለዉ ቃልሲ ከኣ፡ ኢንተር ሚያሚ ኣብ ልዕሊ እዚ ተጻዋታይ ዘሎዋ ተገዳስነት ገሊጻ ትርከብ።

ኢንተር ሚያም፡ ንነይማር ኣብ ሕቝፎኣ እንተ ኣእትያቶ ኸኣ፡ ደጊሙ ምስቲ ኣብ ባርሴሎና ወዲ ጋንትኡ ዝነበረ መሲ ሓቢሩ ናይ ምጽዋት ዕድል ክረኽብ'ዩ።

• **17 ቀይሕ ካርድ ዝዘርገሐሉ ግጥም**

ዝሓለፈ ሰሙን ዓለም 'ዕግርግር ኣብ ኩዕሶ እግሪ' ክትብል ዝሰመዐቶ ክስተት ኣብ ቦሊቭያ ኣጋጢሙ።



ብሎሚንግን ርያል ኦሩሮን ዝተበሃላ ክለባት ቦሊቭያ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ናይ ኮፓ ቦሊቭያ የካይዳ ነበራ። እታ ኣብ ጸወታ ቀዳማይ እግሪ 2ብ1 ዝተዓወተት ርያል ኦሩሮ፡ ንናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ 2ብ2 ስለ ዝዛዘመቶ ናብ ዝቐጽል ጸወታ ምሕላፋ ክተረጋግጽ ክኢላ። እንተኾነ ዓወታ ኣብ ሜዳ ክትጽንብል ኣይተዓደለትን።

ተጻወትቲ ክልቲኤን ጋንታታት ብምጉርፋጦም እሞ፡ ክሳዕ ናይ ቃላት ቈየቑ ናብ ኣድ ምውርዋር ብምእታዎም፡ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ናብ ማእከል ዕግርግር ቀይሮሞ።

ነቲ ጸወታ ዝመርሐ ዝነበረ ዳኛ ኸኣ፡ ንኣርባዕተ ተጻወትቲ ኦሩሮን ንሸውዓተ ተጻወትቲ ብሎሚንግን ቀይሕ ካርድ ከርኢ እንከሎ፡ ንኣሰልጣኒ ርያል ኦሩሮ ሓዊሽካ ንሹዱሽተ ሰራሕተኛታት ድማ ቀይሕ ካርድ ሂቡ።

እዚ ዕግርግር፡ ፖሊስ ዘንብዕ ጋዝ ብምጥቃም ክህድእዎ እንከለዉ፡ ኣብዚ ባእሲ መንቃዕቲ ዓጽሚ ምዕጉርቲ ዘጋጠሞም ተጻወትቲ ሓዊሽካ ብርክት ዝበሉ ሰባት ኣብ ሆስፒታል ተዓቒቦም ደርከቡ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## መስርሕ ድልያ ዝጠፍአት ነፋሪት ማለዥያ ዳግማይ ይጅምር

መስርሕ ድልያ ናይ'ታ ቅድሚ 11 ዓመታት ዝጠፍአት 'ቦይንግ 777' ዝዓይነታ ነፋሪት ማሌዥያ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ዳግማይ ክጅምር ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ መጎዓዝያ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሓደ ካብ ዓበይቲ ምስጢራት ፍጻመታት በረራ ዓለምና ኮይኑ ተመዝጊቡ ዝርከብ ሓደጋ፡ እታ ነፋሪት ብ8 መጋቢት 2014 ካብ ርእሲ ከተማ ማሌዥያ - ኩዋላ ላምፑር ተበጊሳ ናብ ቻይና ኣብ እትኸይደሉ ዝነበረት እዋን ካብ ራዳር ድሕሪ ምስዋራ እዩ ኣጋጢሙ።

መስርሕ ምድላይ ናይ'ታ 239 ሰባት ኣሳፊራ ከላ ዝጠፍአት ብቑጽሪ በረራ 'MH370' ተመዝጊባ ዝነበረት ነፋሪት፡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት ዳግማይ ተጀሚሩ እኳ እንተ ነበረ፡ ነዊሕ ከይቀጸለ ግን ብሰንኪ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ተቛሪጹ ምጽንሑ ዝዝከር እዩ።

ሚኒስትሪ መጎዓዝያ ማለዥያ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "እቲ ናይ ምድላይ ንጥፈታት፡ እታ ነፋሪት ወዲቓትሉ ክትከውን ከም እትኽእል ኣብ ዝተገምገሙ ከባቢታት ዘተኩረ ክኸውን'ዩ" ክብል ሓቢሩ።

"እዚ ሓድሽ ናይ ምድላይ ጻዕሪ መንግስቲ ማለዥያ፡ ነቶም በቲ ሓደጋ ዝተሃስዩ ስድራ ቤታት መልሲ ንምሃብ ዘለዎ ተወፋይነት ዘንጸባርቕ'ዩ" ክብል ድማ ኣገልግሎት ዜና ናይ'ታ ሃገር ኣመልኪቱ።

ክልተ ሰለስተ ካብ'ቶም ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ተጓዓዝቲ ቻይናውያን ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ካልኦት ዝተረፉ ድማ ካብ ማለዥያ፡ ኢንዶነዥያ፡ ኣውስትራልያን ካልኦት ሃገራትን ዝመጹ እዮም ነይሮም።

ቅድሚ ሕጂ፡ ነታ ነፋሪት ንምድላይ ካብ 26 ሃገራት ዝመጹ 60 መራኽብን 50 ነፋርትን ዝተሳተፍኦ ንጥፈታት ኣብ 2017 ብዘይ ፍረ ከም እተዛዘመ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብ 2018 ድማ ብተመሳሳሊ 'ኦሺያን ኢንፊኒቲ' ብዝተባህለ ኩባንያ ዝተገበረ ጻዕሪ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዘይ ፍረ ምዝዛሙ ይፍለጥ።




## ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ዝተኻየደ ዝርርብ ዕዉት ከም ዘይነበረ ተገሊጹ

ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲንን ላዕለዋይ ልኡኽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ንሓሙሽተ ሰዓታት ዝተኻየደ ዝርርብ ሰላም ዩክሬን፡ ዕዉት ነይሩ ክበሃል ብዘይክእል መንገዲ ከም እተዛዘመ ተሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ፑቲን ብኣመሪካ ንዝቐረበ ኣብ ዩክሬን ዝቐጽል ዘሎ ኩናት ኩብቕዕ ንዝጠልብ ገለ እማመታት ከም ዝተቐበሎ፡ ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኹ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ንኻልኦት ዘይተሰማምዓሎም



እማመታት ከም ዝጸገኑ፡ ሩስያ ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ዝወሰደ ግዜ ይወሰድ ምስ ኣመሪካውያን ልኡኻት ክትራኸብ ድልውቲ ምዃና ድማ ከም ዝሓበረን ኣረዲኡ።

ሰበ ስልጣን ሩስያ፡ እቲ ዝርርብ ሃናጺ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ ገለ ንመሬታዊ ግዝኣታት ክልተአን ሃገራት ዝምልከት ወሰንቲ ነጥብታት ግና ኣብ ስምምዕ ከም ዘይተበጽሐ ሓቢሮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓላፊት ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ 2027 እታው ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ንምቁራጽ ኣብ ግዚያዊ ስምምዕ ከም ዝበጽሐ ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ፑቲን፡ መራሕቲ ኤውሮጳ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ዝቐረቡዎ ጠለባት "ቅቡል ኣይኮነን" ብምባል ድሕሪ ምንጻጉ፡ "ምስ ኤውሮጳ ክንዋጋእ ኣይኮንናን፡ ኤውሮጳ ምሳና ክትዋጋእ እንተደልያ ግን፡ ንሕና'ውን ድሉዋት ኢና" ክብል ኣጠንቂቑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## ሰበ ስልጣን ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ኣብ ስዑዲ ዓረብ ይራኸቡ

ሰበ ስልጣን ጣሊባን ናይ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ሓድሽ ዝርርብ ሰላም ብምኽያድ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምዕቃብ ከም እተሰማምዑ፡ ምንጪታት ክልተአን ሃገራት ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ደማዊ ግጭት ድሕሪ ምኽያደን፡ ብመንጎኛነት ቀጠርን ቱርኪን ኣብ ዝተኻየደ ዝርርብ ዋላ'ኳ ክልተአን ሃገራት ኣብ ስምምዕ ሰላም ክበጽሓ እንተ ዘይከኣላ፡ ተኹሲ ደው ክብላ ግና ከም እተረዳድኣ ዝዝከር እዩ።

እቲ ሓድሽ ዝርርብ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ከም ዝተኻየደ፡ ኣፍጋናውያንን ፓኪስታናውያንን ሰበ ስልጣን ንሮይተርስ ብዘሎዎ ሓበሬታ መሰረት እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ፓኪስታን፡ ኣፈኛ ጣሊባንን መንግስቲ ስዑዲ ዓረብን ነቲ ርኽብ ኣመልኪቱ ካብ ሮይተርስ ንዝቐረበሎም ሕቶ መልሲ ኣይሃቡሉን ዘለዉ።

እቲ ዝርርብ፡ ድሕሪ ተበግሶ ስዑዲ ዓረብ ዝተኻየደ ምዃኑ ዝሓበረ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ጣሊባን፡ ምምሕዳር ጣሊባን እወታዊ ወጽኢት ንምርኣይ ንዝያዳ ርክባት ድሉው ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ መንጎ ወተሃደራት ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ዘጋጠመ ግጭት፡ ጣሊባን ኣብ 2021 ዳግማይ ናብ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር ኣብ ዶብ ክልተአን ሃገራት ካብ ዘጋጠሙ ግርጭታት እቲ ዝኸፍአ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የመልክቱ።

ክልተአም ወገናት ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ዶሓ - ቐጠር ተራኺቦም ግጭት ደው ክብሉ እኳ እንተ ተሰማምዑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር ኣብ ኢስታንቡል - ቱርኪ ዝተኻየደ ካልኣይ ዙርያ ዝርርብ ግን ብዘይ ዝኾነ ናይ ነዊሕ ግዜ ስምምዕ ከም እተበተነ ዝፍለጥ።



## ፕረዚደንት ደ/ኮርያ፡ ንሰሜን ኮርያ ይቕሬታ ክሓትት ከም ዝደሊ ሓቢሩ

ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ ጄ ሚዩንግ፡ ቅድሚኡ ብዝነበረ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ተፈጢሩ ብዝበሎ ስግኣ ደባዊ ምልዕዓል፡ ንሰሜን ኮርያ ይቕሬታ ክሓትት ይሓስብ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ሊ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ነበር ዩን ሰክዩል፡ ወጥሪ ንምልዕዓልን ፖለቲካዊ ደገፉ ንምዕባይን ናይ ፕሮፓጋንዳ ወረቓቕቲ ዝሓዛ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ልዕሊ ሰሜን ኮርያ ክበራ ኣዚዙ ብዝብል ምጉት እዩ ንሰሜን ኮርያ ይቕሬታ ምሕታት ስርዓት ዘለዎ ኮይኑ ከም ዝተሰምዖ ዝገለጸ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ርእይቶ ዘቕረበ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንደቡብ ኮርያ ኣብ ዓሚቝ ቅልውላው ከም ዘእተዋ ዝተገልጸ ብፕረዚደንት ዩን ዩን ዝተመሓላለፈ ወተሃደራዊ ሕጊ ኣብ ዝዝከረሉ እዋን እዩ።




ሊ ፕረዚደንት ኮይኑ ምስ ተሸመ ምስ ሰሜን ኮርያ ዝርርብ ክካይድ ሓሳቡ'ኳ እንተ ነበረ፡ ዘቕረቦ ዕድመ ግና ብመራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ዕሽሽ ከም እተባህለ እዩ ዝሕበር።

ሊ ኣብ ሰዩል ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ይቕሬታ ክሓትት ዝግበኣኒ ኮይኑ ይስምዓኒ፣ ዓው ኢለ ክዛረብ ግን ኣይደፍርን" ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ከምኡ እንተ ገይረ፡ 'ስነ ሓሳባዊ ውግኣት ከለዓዕል ወይ'ውን ደጋፊ ሰሜን ኮርያ እዩ' ዝብል ክሲ ክጋጠመኒ ይኽእል እዩ' ዝብል ስክፍታ ኣሎኒ" ክብል ገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ መንግስቲ ዩን ኣብ ጥቅምቲ 2024 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ብምልኣኽ ኣብ ሰማያት ከተማ ፒዮንግያንግ ሰለስተ ግዜ ናይ ፕሮፓጋንዳ ወረቓቕቲ ከም ዝደርበየ ከሲሳ ምንባራ ይፍለጥ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማዕከናት ዜና ደቡብ ኮርያ ኣብ ዘርግሐኦ ሓበሬታ፡ ዩን ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ናይ ፕሮፓጋንዳ ወረቓቕቲ ዝጸዓና ባሎናት ዶብ ሰጊረን የንሳፍፋ ምንባረን ተኣሚኑ።

## እስራኤል፡ ፍልስጤማውያን ብመስመር ራፋሕ ክወጹ ተፍቅድ

እስራኤል፡ ፍልስጤማውያን ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ዳግማይ ክኽፈት ምዃኑ ብዝገለጾቶ መስመር 'ራፋሕ' ኣቢሎም ካብ ወሸመጥ ጋዛ ክወጹ ከተፍቅድ ምዃና ገሊጻ።

ዋላ'ኳ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ገለ ክፋል ኣካላት ናይ'ቶም ጅሆ ተታሒዞም ዝነበሩ እስራኤላውያን እንተ ኣረከበ፡ መንግስቲ እስራኤል ግና በቲ ብመንጎኛነት መንግስቲ ኣመሪካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክቕጽል ምዃኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብሰንኪ'ቲ ዝጠፍአ ክፋል ኣካላት ናይ ክልተ ጅሆ ተታሒዞም ዝነበሩ እስራኤላውያን፡ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ደው ክይብል ተሰጊኡ ምጽንሑ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ እስራኤል ንማስመር ራፋሕ ክትከፍቶ ቃል ብምእታዋ ግን፡ ንገለ ክፋል ናይ'ቲ ውጥን ንቕድሚት ተሰጕሞ ከም ዘሎ ዘመልክት ምዃኑ ኣረዲኦም።

ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ምስ ምምላስ ናይ'ቶም ዝተረፉ ክልተ ጅሆታት ክዛዘም እዩ ዝጽበ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ሓይልታት ፍልስጤም ነቲ ተረፍ ኣካላት ኣብ'ታ ብኩናት ዝተሃሰየት ጋዛ ዘሎ ፍርስራስ ኣብይቲ ይደልይዎ ከም ዘለዉ እዮም ዝሕብሩ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ንዝሓሸ ሕክምናዊ ክንክን ካብ ጋዛ ክወጹ ዘለዎም ልዕሊ 16,500 ዝሓመሙን ዝተወግኡን ፍልስጤማውያን ከም ዘለዉ እዩ ዝገለጸ።

